
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.227 | ቀዳም 23 ግንቦት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2 — ዜና

ገጽ 3 — ምስጢር ዓወትና፡ ምስሓሳስ ዝኽርታተይ



ገጽ 4 — ሓርነት፡ ፍረ ዕዮን ስርዓትን

ገጽ 9 — ጦብላሕታዊ ንባብ ኣብ መጻሕፍቲ ታሪኽ ኤርትራ



ገጽ 10 — 24 ግንቦት፡ መዓልቲ ድርብ ሓርነት



## መራሕቲ ሕ/መ/ኣመሪካ፡ ሩስያ፡ ዛምብያ፡ ስሪላንካን ዮርዳኖስን፡ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም



ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ዛምብያ ሃኪየንደ ሂቺሌማ፡ ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ስሪላንካ ኣኑራ ኩማረ፡ ከምኡ'ውን ንጉስ ዮርዳኖስ ዓብዱላሂ ዳግማዊ፡ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

ኣብ'ቲ ብስሞም ከምኡ'ውን ብስም መንግስታቶምን ህዝብታቶምን ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕና፡ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ራህዋን ምዕባለን ተመንዮም።

እቶም መራሕቲ ወሲኾም፡ ሕውነታውን ሽርክነታውን ዝምድናታት ሃገራቶም ምስ ኤርትራ ንምምዕባል ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ መልእኽቱ፡ "ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ብስመይን ብስም ህዝቢ ኣመሪካን የሃና እብል። ንመንፈስ ጽንዓትን ተጻዋርነትን ህዝቢ ኤርትራ ከምኡ'ውን ንሃገራዊ ልኡላውነት ኤርትራ ዝለካ ተወፋይነት፡ ኣኽብሮተይን ኣድናቖተይን እገልጽ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ኣስዒቡ፡ "ከም'ቲ ዓሚ ኣብ ዝሰደድክዎ መልእኽቲ ዝገለጽኩዎ፡ ዝሓለፈ መዋእል ሕቑና ሂብናዮ ስለዘለና፡ ንቕድሚት ክንስጉም፡ ከምኡ'ውን ንሓባራዊ ሰላምን ብልጽግናን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕሪን ብሓባር ክንሰርሕ፡ እቲ ምቹእ ግዜ ሕጂ ኰይኑ እስመዓኒ።" ኢሉ።

## ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ኒውዮርክ ጽንብል ተኻዪዱ



ቀዋሚ ሚስዮን ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ብ21 ግንቦት ኣብ ኒውዮርክ ኣብ ዝርከብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ናይ'ቲ ውድብ ድሙቕ ጽንብል ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ዝተኻየደ መደብ፡ ቀወምቲ ወኪላት ሃገራት፡ ዲፕሎማሰኛታት፡ ላዕለዎት ሰብ-መዚ ሕቡራት ሃገራት፡ ወከልቲ ዞባውያን ውድባትን መራኸቢ ብዙሓንን፡ ኣካላት ሲቪል ማሕበረሰብን መሓዙት ኤርትራን፡ ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኒውዮርክን ከባቢኣን ዝነብሩ ኤርትራውያን ተሳቲፎም።

ኣብ'ቲ ዝምድናን ምትእስሳርን ኤርትራውያን ምስ ሃገሮም፡ ባህሎም፡ ታሪኾምን ሃገራዊ ክብርታቶምን ዝያዳ ዝጉልሓሉ ኣጋጣሚ፡ ምስ ባህልን ብዙሕነትን ህዝቢ ኤርትራ፡ ማሕበራዊ ምትእስሳሩን እንግዶቱን ዘላሊ መሰናድኦታት ቀሪቡ።

ቀዋሚት ወኪል ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት - ኣምባሳደር ሶፊያ ተስፋማርያም ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ናጽነት ኤርትራ መዘዝሚ ናይ'ቲ ንዓሰርተታት ዓመታት ዝተኻፍለ ረዚን መስዋእትን ሓያል ጽንዓትን ከምዝኾነ ጠቒሳ፡ ሙብጽዓ ኤርትራ ንልኡላውነት፡ ርእሰ-ምርኮሳ፡ ዞባዊ ሰላምን ርግኣትን ኣረጋጊጻ።

ኣምባሳደር ሶፊያ ኣስዒባ፡ ባህላዊ ዲፕሎማሲ ኣብ ምድራዕ ሓባራዊ ርድኢትን ምድልዳል ዝምድናታት ሃገራትን ህዝብታትን ኣገዳሲ ከምዝኾነ ገሊጻ።

### ሓበሬታ

ብምኽንያት'ቲ ጸባሕ ሰንበት 24 ግንቦት ዝውዕል ዕዙዝ መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነትና፡ ሰኑይ 25 ግንቦት ህዝባዊ በዓል ምዃኑ ንሕብር።

ጽንዓትና ዋሕስና! !صمودنا... ضماننا

OUR RESILIENCE: OUR GUARANTEE!

# ጽንብል ናጽነት፡ ኣብ ኮለጃት ሓመልማሎን ማይነፍሒን ብልዑል መዓርግ ተኻዪዱ

መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ብ20 ግንቦት ኣብ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ብልዑል መዓርግ ተጸንቢሉ።

ኣቦ'ቲ ብትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ ዝተወደበ መደብ፡ ዲን ናይ'ቲ ኮሌጅ ፕሮፌሰር ወልደኣምላኽ ኣርኣያ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ሓራ ኮይኑ ጎይታ ነፍሱን መጻኢኡን ክኸውን ንዝሓለፎ መድረኻት ቃልሲ ምስናይ ጽንኩርነቱ ብምጥቃስ፡ ሳላ ጽንዓቱን ማስዋእትነቱን ኣብ ቅድሚኡ ተገቲሩ ንዝጸንሐ ገዚፍ ብድሆታት ሰጊሩ ናጽነቱን ልኡላውነቱን ከምዘረጋገጸ ብምሕባር፡ መንእሰያት ዚ ብደምን ህይወትን ዝተረኽበ ዓወት ብልምዓት ንምኽኣል ዓቢ ሓላፍነት ከምዘለዎም ኣዘኻኺሩ።

ከም ኣካል ናይ'ቲ ጽንብል፡ ንተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ኮሌጅ ማእከል ዝገበረ ዝተፈላለየ ውድድራት ክካየድ ከምዝጸንሐ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ብዝሓየለ ክሰራሓሉ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣቦ'ቲ ኢጋጥሚ፡ ተመሃሮ ሰሚኢታቶም ድሕሪ ምግላጽ፡ ጉዕዞ ህንጻት ሃገር ብምድንፋዕ ሕድሮም ንምትግባር ቃሎም ኣሐዲሶም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኑቶም ብመልክዕ ውድድር ኣብ ዝተኻየደ ንጥፈታት ስፖርትን ኣካዳሚን ንዝተዓወቱ ሽልማትን ወረቐት ምስክርን ተዓዲሉ።

እቲ መደብ፡ ንመዓልቲ ናጽነት ብዝደምቐን ዘንጸባርቕን ባህላውን ስነጥበባውን ማስናድኢታት ደሚቑ ነይሩ።

ብዘይካዚ፡ ኮሌጅ ምህንድስናን ቴክኖሎጅን ማይነፍሒ፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ፡ ብ21 ግንቦት - መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነትን መዘከሪ ስነስርዓት መበል 13 ፈስቲቫል ተመሃሮን ኣካዪዱ።

እቲ መደብ፡ ፍልጠት ጠቕሰ ውድድራት፣ ስእላውን ንዋታውን ምርኢት፣ ስፖርታውን ባህላውን ንጥፈታት፣ ከምኡ'ውን ሰሚናር ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

ዲን ናይ'ቲ ኮሌጅ ዶ/ር ኣርኣያ ዘርኣይ ኣብ



ዘስመዖ ቃል፡ "ጽንዓትና ዋሕስና፣ ፍልጠትና ሓይልና፣ ወፍርና ደማ ንበሩህ መጻኢ ኤርትራ'ዩ" ድሕሪ ምባል፡ እቲ ብመልክዕ ውድድር ዝተኻየደ መደባት ፈስቲቫል፡ ደርብ ሞያ ዝዓጠቑ ብቑዓት መሃንድሳት ንምፍራይ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ወፍሪ ሓጊዙ ተራ ከምዘለዎ ብምግላጽ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ጀጋኑ ሓይልታት ምክልኻሉን ርሑስ በዓል ናጽነት ተመንዩ።

ኣቦ'ቲ ተመሃሮ ብህላዊ ኣልባሳት ብዝተራትና ማዕርግም ዝተዓለሉ ዕለት፡ ሓላፊት ሃማመተኤ ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን ወ/ሮ መንሱራ እስማዒል ኣብ ዘስመዓቶ መዘከሪ ቃል፡ መንእሰያት ብኽለንትናኦም ብቑዓትን ተወዳደርትን ንክኾኑ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ፈስቲቫልን ትሕዝቶኡን ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ተመሃሮ ተራሒዩሎም ንዘሎ ዕድላት ብግቡእ ክጥቀሙሉ ኣተሓሳሲባ።

ተመሃሮ ብወገኖም፡ መደባት ፈስቲቫል ርእሱ ምትእምማኖም ኣብሪኹ ናይ ምግባር ዓቕሞም ክብ ዝበለ፣ ዓቕሞም ዝደርዕ ዘለዎም ተውህቦ ዝፍትሹ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ባህሎም ዘለዎም ኣፍልጦ ዘዕምቑን ኣብ መንጎኦም ዘሎ ስሕትን ሓድነትን ዘደልድልን ስለዝኾነ፡ ብትሕዝቶ እናዓበየ ክቕጽል ተላብዮም።

ፈስቲቫል ኮለጃት ተመሃሮ ሃገርና፡ ዓመታዊ ዝካየድ መደብ'ዩ።

# ኤርትራውያን ነበርቲ ላክሰምበርግን ጀርመንን፡ ጽንብል ናጽነት ብድምቀት ኣብዒሎም

ኤርትራውያን ነበርቲ ላክሰምበርግን ጀርመንን፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት፡ ብኩብ ዝበለ ድምቀት ኣብዒሎም።

ነበርቲ ላክሰምበርግ ብ16 ግንቦት ኣብ ዘካየድዎ ጽንብል፡ ወኪል ኤርትራዊ ማሕበረኮም ኣቶ ርስዩም ሃብታይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ንህዝብን ሓይልታት ምክልኻልን "የቐንየልና" ድሕሪ ምባል፡ ኣባላት ማሕበረኮም ከም ወትሩ ሓድነቶም ኣትሪሮም መኸተኦም ከሐይሉን ኣበርክቶኦም ኣብ መደባት ልምዓትን ሃገራዊ ህንጻትን ከዛይዱን ኣዘኻኺሩ።

ቀዋሚ ጸሓፊ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ቤልጅዩም ኣቶ ሚካኤል ተስፋይ ብወገኖም፡ ህዝቢ ኤርትራ ንዊሒ ዓመታት ንዝገጠሞ ተጻብኦታትን ብድሆታትን ብጽንዓት፡ ተወፋይነትን ትብዓትን መኪቱን ረዚን ማስዋእቲ ከፊሉን ዝተነፍገ መሰሉ ንናጽነት ከምዘረጋገጸን ልኡላውነቱ ከምዘውሓሰን ብምሕባር፡ ንጽንብል ናጽነት ዝወሃብ ልዑል ክብሪ ካብ'ዚ ዝቕል ከምዘይኮነ ኣገንዚቡ።

ኤርትራውያን ነበርቲ ጀርመን ብወገኖም፡ ብሃገራዊ ሽማግለ ከተማታት ተማእኪሎም ኣብ ከተማታት ሽቱትጋርት፡ ካስል፡ ከለንን ኣልምን ከምኡ'ውን ወረዳ ኼተራው፡ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ጭርሖ ደሙቕ ጽንብላት ኣካዪዶም።

ኣብ ከተማ ሽቱትጋርት ኣብ ዝተኻየደ መደብ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ የውሃንስ ወልዱ ተረኺቡ፡ ናይ የቐንየልና መልእኽቲ ድሕሪ ምቕራብ፡ መዓልቲ ናጽነት መዓልቲ ብስራትን መብጽዓን ከምዝኾነት ብምጥቃስ፡ ኣብ ጀርመን ዝርከቡ ዜጋታት ኣብ ሃገራዊ መደባት ዝገብርዎ ዘለዉ ኣበርክቶ፡ መርኣያ ጽኑዕ መብጽዓኦም ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ ከተማ ካስል ኣብ ዝተኻየደ ጽንብል ድማ፡ ጠቕላሊ ቈንስል ኣብ ፍራንክፈርት ኣቶ ክብረኣብ ተኽስተ ተመሳሳሊ መልእኽቲ ኣቕሪቡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ከተማታት ኣልም፡ ከለንን ወረዳ ኼተራውን ብዝተሳተፎ ስነጥበባውያን፡



መንእሰያት፡ ተመሃሮ ቋንቋ ኣደን ኣደታትን ዘምዓረ፡ ድሙቕ ጽንብላት ከምእተኻየደ፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ጽንብል ናጽነት ጀርመን ዝመጸኢ ቀዳመ-ሰንበት ኣብ ልዕሊ 30 ከተማታት ጀርመን ንኽጽንበል መደብ ተታሒዙ'ሎ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ከተማ ስቶክሆልም - ሽወደን፡ ብምኽንያት ጽንብል ናጽነት፡ ናብ ህጻናት ዝቐንዐ ንጥፈታት ስፖርት፡ ሓፈሻዊ ፍልጠትን ባህላዊ ምርኢትን ብ14ን 16ን ግንቦት ተኻዪዱ።

ኣብ ኣወሃሃዲት ሽማግለ ሃገራዊ በዓላት ኣወሃሃዲት ሓይሊ ዕማም ምክትታል ህጻናት ኣለን ተድላ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ እቲ መደብ - ኑቶም ኣብ ወጻኢ ዝተወልዱ ህጻናት ምስ ሃገሮም ዘለዎም ፍቕሪ ንምዕባይን ብኤርትራዊ መንነቶም ንክኾስኮሱን ዝዓለመ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ወለዲ ደቆም ተሳተፍቲ ንክኾኑ ብዕቱብ ክሰርሑ ኣዘኻኺራ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንዕወታት ስፖርታዊ ውድድራት ሽልማት ተዓዲሉ።

ብተመሳሳሊ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ትሮንድሃይምን ከባቢኡን - ኖርወይ፡ ጽንብል ናጽነት ኤርትራ ብልዑል መዓርግ ከምዘብዓሉ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

# ሞልቀ - ንብሉጻት ተመሃሮ ሽልማት "ታምሬዳ" ተዓዲሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ብሉጽ ወጽኢት ዘመዝገቡ 18 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 63 ተመሃሮ፡ ሽልማት "ታምሬዳ" ተዓዲሉ።



ንዕወታት ተመሃሮ ዝወሃብ ሽልማት፡ ቅዱስ ቅንኢ ብምፍጣር ብሉጻትን ተወዳደርትን ተመሃሮ ኣብ ምፍራይ ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ ዝሓበረ ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ሓይልኣብ ምሕረትኣብ፡ ዕዉታት ተመሃሮ ዘመዝገብዎ ዓወት ብምዕቃብ ንዝበለጸ ወጽኢት ክጽዕሩ ተማሕጺኑ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሞልቀ ኣቶ ዘርኣይ በርህ ኣብ መወዳእታ፡ ተረኺቡ ዘሎ ዓወት ወጽኢት ሓያል ስራሕን ድልዱል ስሉሳዊ ዝምድናን ምዃኑ ብምብራሁ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 12 ክፍሊ ክድገም ኣዘኻኺሩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ካብ ሓደ ክሱብ ሰለስተ ኣዋርሕ ብሞያ ክስልጥኑ ዝጸንሑ 100 መንእሰያት ከምእተመረቑ ወኪል ኤረና ሓቢሩ።

## ናጽነት

ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ
ኣሰርኪ ስዒብና
ከፊልና ማስዋእቲ
ደሊናኪ ኣብ ኣኽራናት
ዝበለና ከውታ
ክንምገጽል ምዕራፋት
ምስጢር ምንባር
ኣመና ሓዩሉ
ኣርዑት ኮይኑና
ጊዜ ተመሳቒሉ
ሓሸካር ዘመን
ዘመን ኳኺቶ
ንኽትጸወዮ ዝኣርምም
እዋን እቶ እቶ
ጽላሎት ኮይኑና
መዋእል ኣኺቲሙ
ጸሓይ ከላ
ኮኾብ ተዓዚሙ
ዝሓለፈ ማስገደል
ከመይ ዘይንዘክሮ
ተኻል መድረኽ
ሰንፈላል ስዛሮ
ምስጢር ምንባር
እንታይ ምዃኑ ትርጉሙ
ኣፀኪ ፈሊጥናዮ
መቕረት ጣዕሙ
ናጽነት ስለምኻና ሓቢን
ብኣኺ ማማቒ
መዋእል ዘመን
ዝቡ ኣፀኪ
ዋዜማ ደምቀትኪ
ፍረ ብርሃን ሎሚ
በጺሕቶ ዘመን
ድርብ ዓወት
ጽንዓትና ዋሕስና
ምስጢር መኸተና።

ምስጥና ተኽላይ (ዋርሳይ)
ሓይሊ ባሕሪ ጉጅለ ባህሊ ኣውትን

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም　ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ　ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

መደብ ተለቪዥን (ቀዳም)
ዕለት 23/05/2026

ርሑስ ቅንያት ናጽነት እናተመነና፡ ካብ ሰዓት 9 ቅ.ቀ ጀሚሩ ኣብ ዝቕጽል ዕለታዊ መደባትና ነዚ ክቡር ዕለት ዝጉልሕ ትሕዝቶታት ክህልወና እዩ።

# ምስጢር ዓወትና፡ ምስ ሃሳስ ዝኽርታተይ

ተስፋይ ቀለታ ደምሳስ
(2ይን መወዳእታን ክፋል)

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ፡ “ኣብ ሓሙሻይ ወራር ንምስታፍ፡ ብ17 ሓምለ 1977 ካብቲ ዓሪድናሉ ዝነበርና ወኪ-ዛግር (እምባልቆ) ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ መዓልቲ ናቕፋ ተራኢና።” ዝብል ዘሎ እቲ ዕለት “7 ሓምለ 1979” ተባሂሉ ክንብብ ምዃናይ ይቕሬታ እሓትት።*

ከምቲ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ጽሑፈይ ዝገለጽክዎ፡ ኩሉ'ቲ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ዝተሰለፈ፡ ካብ ኩሉ ዓይነት ክፋል ሕብረተ ሰብ፡ ካብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር ዝመጸ እዩ ነይሩ። ክንዲ ዝኾነ ዝተፈላለየ ባህርያት ክትዕዘብ ግድን እዩ። እዚ ዝተፈላለየ ባህርያት ዘለዎ ሰብ፡ ንሓደ ሰዓት ወይ መዓልታት ዘይኮነ ንዓመታት ኣብ ሓደ መኣዲ እሞ ከኣ ኣብ ሓደ ጸንክር ናይ ኩናት ሃዋህው ዘሰፈና ኣሰሊፍካዮ፡ ኣብ ክንዲ ዝኸጸ ብሰላትን ፍቕርን ክተንብሮ ምኽኣል ዘደንቕ ኣይኮነን።

ማሙቕ ገዛኡ ራሕሪሑ፡ ናብ ገድሊ ንምጽንባር በርኻ ዝወጸ ተጋዳላይ፡ እታ ዝወጸላ መዓልቲ፡ ዘይርሳዕ ዝኽሪ'ያ ትገድፈሉ። ኣደኻሚ ናይ እግሪ ጉዕዞ፡ ጥሜትን ጽምእን ኣብ ጥራሕ ጉልጓል ንቑርን ኣሳሓይታን ተቓሊዕካ ምድቃስ... ንፈለማ ምስ ፈተኖ፡ እምበር'ዶ ክኽእሎ'የ ዝብል ሕቶ ይመጽኦ። እንተኾነ፡ ነቲ ጸንክር ህይወት ኣብ ቃልሲ ክለማመዶ ይጀምር። ኣካላዊ ብቕዓቱ እናደልደለ፡ ተጻዋርነቱ እናሓየለ ይኸይድ። ኣብታ ድሕሪ ቃልሲ ተወዚዑ ዝጸንበራ ኣሃዱ ከኣ፡ ነቲ ገድሊ፡ ምስ ግዜ ከም መስርሕ ህይወት እናተቐበሎን እናፍቀሮን ከምዝኸይድ ዝገብሮ፡ ሓደ ሓያል ረቛሒ ኣሎ።

## ብጻይነት

ቀዳማይ ምስጢር ዓወት ገድሊ፡ ዝኾነት ኣሃዱ ህዝባዊ ግንባር፡ ሓድሽ ተወዚዑ ንዝመጸ ሓንገፋይ ኢላ ትሓቑፎ፡ ብዙሕ ከይተጋደሸ ከኣ ንጠፍ ኣብል ናይታ ኣሃዱ፡ “ስድራ” ኣጠማቒያ ዘለኹ ክትገብሮ ትጽዕር። ከይጋደሸ ኩሉ ኣባል ናይታ መስርዕ ይኹን ጋንታ፡ ህይወት ናይታ ኣሃዱ ሓልዮት ብዘዖስሉ የለማምዶ። ክሳብ ባዕሉ ዝበጽሕ ኣብ ምጉራት ማይን ዕንጨይትን ኣብ ናይ ቀትሪ ይኹን ለይቲ ሓለዋ፡ ምውጻእ ምግዛብን ካልእን ኣየቕርቡዎን። ከይጸምዎ የዕልልዎ፡ ንእግሪ መንገዶም ከኣ ህይወት ደፋዕን ተመኩሮ ገድልን የዘንትዉሉ። ኣሸኵበ ደብዳብ ከበድ ብረት ጸላኢ እንተሎ፡ ተቐላጢፎም፡ ኣብ ውሑስ ቦታ የዕቁብዎ። ብዙሕ ከይተመኩረ፡ ብወገና ይኹን ብጸላኢ መጥቃዕቲ እንተመጺኡ፡ ድሕሪት የትርፍዎ፡ ወይ ደድሕሪኦም ከም ዝስዕብ ይገብሩዎ። ጥሜት ወይ ጽምኢ እንተ ኣጋጢሙ ብቑጠባ የቐምስዎ። እዚን ካልእ ክንጽብጽብ ዘይከኣል ናይታ ዝሓደጋ ስድራ ወይ ዝኸሪ ዝበርሮ ህይወት ኣህሲሱ፡ ፍቕሪ ናይዛ ሓዳስ ስድራ ወይ ኣሃዱ ክሕድር የኽእሎ። ብዋዛን ጭርቃንን ሰሓቕ ዘፍልሑዎ፡ ብዘማሪኦም ዝስርዓሎም፡ ብዕላሎም ዝምስጡዎ ኣሕዋትን ኣሓትን ረኺቡ ደማ ይብል። ከም ገለ እንተ ተንቀሳቐሰ፡ ብዘዕባኡም ኣውጊዑ ኣይደንጐን። ኣይኮነን ንመዓልታት ንዕዊታት'ውን ካብኦም ክፍለ ኣይደልን። ካብኦም ተፈልዩ ዝነብር ኣይመስሎን። ኣብ ዓውደ ውግእ፡ ናይቶም ሓብሓቢቱ መውጋእቲ ማሳዎእቲ ኪጋጥም ከሎ፡ ሓለፍቲ ኣብ እንግደዓሉ ደጸዓን ከም ዘሎ ክስዉጥ ይጀምር። ንሓደሽ ኣብል ብኸምታ ዝሓለፉ ተኸናኸኑ ክሓቑፎ ፋሕተርተር ይብል።

እቲ ዋዜ ጭርቃን ዝማጠለኡ ሰሓቕን ምልእቲ ጋንታ ከኣ ትዋሕ ኢላ ስሒቓ። ኰቕፈታ ከኣ ብሰሓቕ ተዓጽዩ። ኣብ ሓድሕደካ ተሓግሪቕካ ሰሓቕ፡ ኣብ ማእቶት ሰሓቕ፡ ኣብ ኰቕፈታ'ውን ከይተረፈ ሰሓቕ - ንመሪር ወይ ጸንክር ገድላዊ ህይወት ዘፍኽስ ሰሓቕ ብዙሕ'ዩ።

ኩሉ'ዚ፡ ምስ ግዜ፡ ፍቕሪ ዝዖሰሎ ጥሙር ዝምድና ፈጢሩ። ቅድሚ ብጾትካ ምሕላፍ ወይ ንብጾትካ ምሕላይ ከም ክብሪ ተራእዩ። ብዘኾነ ይኹን ምኽንያት፡ ካብ እግሪ ብጾትካ ምትራፍ ከም በለጽ ተወሲዱ። ተወጊኦም ናብ ሕክምና ምኻድ ዝኣብዩ ምስ ከዶ'ውን ቀሪብ ሐሹኺ ኢሎም ቀልጢፎም ናብ ኣሃዱኦም ዝምለሱ ምርኣይ ልሙድ እዩ ነይሩ። ተበጊስ እንተኾይኑ፡ ሕሙማት፡ ኣይሓመምናን ኢሎም የቕብጹ። ነበሰ ጾር ተጋደልቲ ጥንሰን ሓብኦን ይሃድማ፡ ጥንሰን ተፈሊጡ፡ ክተርፉ እንተ ተሓብረ፡ ጸጸት ተሰሚዑወን ይሕሰማ። ብዙሕ ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል'ዩ።

## ናይ ምእማን ክእለት

“ዕድል ኣሎኺ
ግንባር ኣሎኺ
ናብ ህዝባዊ ግንባር ዘሰለፈኪ”

እዛ ህቡብቲ ደርፊ'ዛ ኣብ ህዝቢ፡ ኣብ ህግ ክሳብ ክንደይ እምነት ወይ ተቐባልነት ከም ዝነበሮ ተመልክት'ያ። እቲ እምነት ወይ ተቐባልነት ግን ሰቕ ኢሉ ዝመጸ ኣይኮነን። እቲ ምኽንያት፡ ህግ፡ ተዛረቡ ዘዕምዕ (ዝኣምን)፡ ሰሪሑ ዘድምዕ ብምንባሩ'ዩ።

ጉዳይ ሓይልታት፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ኣርዑቶም ጨቢጦም ንኽገዝኡዎ፡ ሓይሊ ጥራይ ኣይኣኽሎን ተጠቒሞም። ብፖለቲካዊ ሰብሓሳባውን ቃልሲ'ውን መንኩቱ ተባሪዙ፡ ናይ ምቅላስ መንፈሱ ሃሲሱ፡ ኣብ ትሕቲ ግዝኣቶም ንኽነብር ሓያል ጉስጓስ ኣካይዶም'ዮም። ህ.ግ. ከኣ ንጸላኢኡ ብሓይሊ ጥራይ ኣይኮነን መስሲሉ። ብፖለቲካውን ሰብ ሓሳባውን ቃልሲ መኪቱዎ'ዩ። እቲ ንሓርነት ኤርትራ ክቃለስ ዝወጸ ተጋዳላይ፡ ብመጀመርታ ዕላማ ቃልሱ ንኽፈልጥ፡ ጉዳዩ፡ ፍትሒ ዝተነፍጎ መግዛእታዊ ሕቶ ከኣ ካብኻ ዝሕተት - እንተላይ ህይወት ክትከፍል ድሉው ናይ ምዃን ባህሊ፡ ንተጋዳላይ፡ ክጸዋ'ቲ ድቕድቕ ጸልማት፡ ጨረራ ብርሃን ከምዝዕዱ ኣኽኢሉዎ። ብርሃን ናጽነት ንኸፍምጽእ ዝሕጥ ናብ ዘይብል ሓይሊ ከኣ ቀይሩዎ።

ኣብ ውትህድርና እውን ህ.ግ. ደረጃ ብደረጃ ደርማስ ሓይሊ ሃኒጹ'ዩ፡ ብኹሉ ዓይነት ወተሃደራዊ ሜላ ንመግዛእቲ መኪቱዎ። ክንዲ ዝኾነ ድማ ነቲ ብዙሒ ሰብ፡ ኣጽዋራት፡ ተተኮስቲ እንተላይ ነፈርቲ ኩናት ዝነበሮ ሰራዊት ኢትዮጵያ ሰዒሩ ናጽነት ኤርትራ ክውን ገይሩ።

ህዝቢ ኤርትራ'ምበኣር ነቲ ብሓይሊ ዝመጽኦ ጸላኢ፡ ብሓይሊ መኪቱ ከም ዝሕምሽሾ፡ ዝ ሓይሊ'ዚ ንምሕምሻሽ ከኣ ብዘይካ ኣብ ጉዳይ ዓቕምኻ ምምርኳስ ካልእ ምርጫ ከም ዘየለ ኣሚኑ ኣብ ህዝባዊ ሰራዊት ተጸንቢሩ። ብምሉእ ዓቕሙ-ገንዘቡን ጉልበቱን ኸውሪሉ ደጊፉ። ኣብ ጉዳይ ነፍሱ እምነት ዘሕደረ ንምግጃ ሓይሊ ንምድርዓም ናብ ሰውራ ዝውሕዝ ንኹሉ መሰበደሳት ቃልሲ፡ ብመትከል ገጢሙ፡ ነቲ ዘይውግሕ ዝመስል ከውታ ለይቲ ከም ዘውግሖ ሰውራ ኤርትራ ሓደ ኣብነት'ዩ።

ውድብ ህ.ግ ሰብ'ዩም ኣቐሚጦ። ዝሰርሖ ሰብ ከኣ ክጋጾ ባህርያዊ'ዩ። እንተኾነ፡ ተጋዳላይ፡ ዝ መሰረታዊ ሓቂ ዝረስዕሉ እዋናት ነይሩ'ዩ። “ውድብ'ኮ'ዩ ኢሉዎ!” ካብኡ ሓሊፉ'ውን “ሓቂ እንተ ዘኾውን ድማኺ ሓፋሽ መቃልሐየ” ክሳብ ምባል በጺሑ። ሓደ ኣብነት ናይዚ፡ ኣብ መጀመርታ ሰማንያታት፡ ኣባል ማእከላይ ሸማግለ ህ.ግ ዝነበረ ተኸሊዩ ዓደ ንውድብ ከዳዕ ንጸላኢ፡ ኢዱ ምስ ሃበ፡ ብረደዮ ኣስመራ ኣብ ህ.ግ. ምስጢራዊ ሰልፊ ከም ዘሎ ተዛረበ። ዳርጋ ኩሉ ተጋዳላይ፡ (ብዘይካ ኣባል ሰልፊ ዝነበረ) ኣይኣመነን። “ጸለመ” ኢሉ ዋጋ ኣይሃበን። ኣብ ዕላሉ ይኹን ኣብ ኣኼባታት ኣየልዓሎን።

ቀረብ ዘሎ ኣብነት፡ እምነት ክሳብ ክንደይ ሓያል ምዃኑ ዘብርህ'ዩ። ሓያል እምነት ከኣ ሆይሆይታን ብሓደ ወገኑ ፖለቲካዊ ትምህርቲ፡ ምጥፋእ መሃይምነት፡ ዋርድያን ምህናጽ ዕርድታትን ወዘተ. በቲ ካልእ፡ ሕሉፍካ ረሲዕካ ኣብ ገድላዊ ህይወት ከተተኩር ዝድረኽ ይኹን'ምበር፡ ሓሓሊፉ ዝሓለፍካዮ ህይወት፡ ዝገደፍካዮም ስድራ ቤት ክዝከሩ ባህርያዊ'ዩ። እዚ ባህርያዊ ዝኽርታት'ዚ ግን ፈጺሙ ክዝሰስ ኣለዎ ዝብሉ ኣይሰኣኑን። ዝውተርኢ እንተ ዘይኮነ ኰቕፈታ ዝቐርበሉ ኣጋጣሚ'ውን ነይሩ እዩ። ሓደ ብጻይ ንኣብነት፡ “ኣብ ክንዲ ብዛዕባ ገድሊ ብዛዕባ ስድራ ቤቱን ደቂ'ንዩ ዝሓስብን ዘዕልልን” ዝብል ኰቕፈታ ምስ ቀረበሉ፡ “ከመይ ድኣ ዘይሓስብ፡ ሰበይ'ምበር መኣስ ደማሙ ኮይነ ጉዳፈ” ክብል መለሰ።

ምኽኑ ንኽርድኦ፡ ንመትከለት ሓርነታዊ ቃልሱ ኣሚኑ፡ ኣብ ዕላማ ቃልሱ ጸንዖት ንኽሕድር፡ ፈተውቱን ጸላእቱን ንኽለሊ፡ መስለሉን ግዴታኡን ንኽፈልጥ፡ ባህሊ ስራሕን ምትሕልላይን ከምዝዕበል፡ ከምኡ'ውን ንፍሱ ካብ ትምክሕቲ፡ ትሕተ ሃገራውነት ሓራ ንኽዕብር፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ሓያል ፖለቲካውን ሰብሓሳባውን ትምህርትን ጉስጓስን ኣካዩዱ'ዩ።

እዚን ካልእን ብኤርትራውነቱ ዝሕበን ሓደ መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ክውን ከም ትኸውን ዝኣምን ብስነ-ኣእምሮኣዊ ኩናት ጉጅለቱ ዘይሻበር ልዕሊ ኩሉ ከኣ ኣብ ጉጅል ዓቕሙ ዝኣምን ተጋዳላይ ፈጢሩ። እዚ ኣብ ጉጅል ነፍሰኻ ንኽትኣምን ኣሚንካ ብሓደ ስጉሚ ንሓደ ዕላማ ንኽትትግዓዘዩ ዝሕግዝ። ክንዲ ዝሓዘ ከኣ ንመግዛእቲ ካብ ሱሩ ንምምሓው ኣኽኢሉ።

## ብኣብነት ምምራሕ

እቲ ሳልሳይ ምስጢር ዓወት ቃልስና፡ ብኣብነት ምምራሕ'ዩ። ቅድሚ ናብ ሓተታ ምእታወይ፡ ደራሲ ሰለሙን ድራር፡ ኣብ ናይ ሓምለ 2009 መጽሔት ሕድሪ (ቁ.48 ገጽ 15) ከምዚ ዝስዕብ ኣስፊሩ ኣሎ፦

“ኣብ ጸልማ ተወሊዱ ደቀምሓረ ዝዓበየን ኣብ ባህር ዳር (ኢትዮጵያ) ፖ.ሊ. ተኸቲኩ ዝምሃር ዝነበረን ጺጋይ ተኸለ፡ ቀጢን ዝኣካላቱ፡ ፍቱው ኮሚሳር ሓይሊ'ዩ ዝነበረ። ካብ ተ.ሓኤ ምስ ‘ፋሉል’ ናብ ህግ ዝተጸንበርኩሉ እዋን ብምንባሩ፡ ኣብ መጀመርታ ንዝነበረኒ ገበታ ጥርጣረ ከም ጨውው ኣሕቂቹ፡ ኣብ ውድብ ህ.ግ እምነት ከሕድር ዓብ ዝርሓወለይ ኣብነታዊ ተጋዳላይ ብምንባሩ፡ ኣብ ልበይ ብዙሕ ቦታ ሂበዮ'ዩ። ካብኡዮም ልዕሊ ወርሒ ዝተሳተፍኩዎም መረርቲ ውግኣት ሰምሃር፡ ጺጋይ ኣብ ጥቓይ ኣብ ዝሀልወሉ ግዜ፡ ፍሉይ ፍናን ይሰምዓኒ'ሞ፡ ሞት ናብዛ ጥቓይ ገጻ ተኽእስ ትብል ይመስለኒ ኣይነበረን። ሓይሊ ኣብነታዊ ሰብ ክብርትዕ!”

## ንኣሰዋውእኡ ኣመልኪቱ ከኣ ከምዚ ጽሒፉ፦

“... ኣብታ ዝነበርኩዋ ጉድጓድ ከይጽሕ ከሎ፡ ንክልተና ቦምባ መድፍዕ (ምስ ወድቕትና) “ኣይ” ኢሉ ንላዕሊ ብምንጣር ኣብ ሕቑፈይ ክየልብ ከሎ ጸገሙ ኣይተረደኣንን። ... ድሕሪ'ታ ‘ኣይ’ታ’ ኣይመለሰን ኣየድመጸን ኣይተላበወን'ውን። ለቢዋኡ ፍሳስ ክበር ደሙ ጥራይ'ዩ ዝነበረ። ብዘይ ድምጺ ኣብ ክሳደይ ተጠቕሊሉ። ቅድሚ ደቒቕ ‘ኣጆኻ!’ ዝበለኒ ዝነበረ ጅግና፡ ‘ኣጆኻ’ ካብይ ደልዩዋ፡ ኣብ ሕቑፈይ ዱብ ኢሉ። ዓለም ካብኡ ዝጸበየ ዝነበርኩ ካብይ ደልዩዋ፡”

ካብዚ ጥቕሲ'ዚ ክልተ ሃገራት ኢና ንግንዘብ፡ ጺጋይ ይኹን እቶም ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮም ብጾት፡ ደዕቡ ይንኣስ ብኣብነቶም መሪሖም'ዮም። ንሰኻ ጸናሕ ኣነ ክሃድም፡ ንሰኻ ተዓንገል ኣነ ክጠምዕ፡ ንሰኻ ኣዕቅል ኣነ ዝናብ ክወቕዕ፡ ንሰኻ ጸናሕ ኣነ ፈንጂ ክፍትሸ... እናበሉ ሸግር ዝፈትሑን ‘ዓወት ንሓፋሽ’ እናበሉ ዝሓለፉን ኣብነታውያን መራሕቲ ፍቕዲ የብሎምን። ኩሎም ብኣብነቶም፡ ደስሑ ደጸበዑ፡ ጸልዋ ገዲፎም'ዮም። ጸልዋኦም ወይ ኣብነቶም፡ ኣብ ሓደ ክልተ ሰርጹ ኣይተረፈን ወይ'ውን ኣይሞተን። ካብ ጅግና ናብ ጅግና ተመሓላሊፉ፡ “ሕማቕ ሓጺ.ንን ሕማቕ ሰብን” የለን ከም ዝበሃል ድማ፡ እቲ ድኹም ሰዊዱ፡ እቲ ፍርሒ ዘርእየ ተባዒ፡ ትህኪት ዘንጸባረቐ ተገኒሁ፡ ነፍሱ ዝፈተወ ዓብ ኣሕዲሩ። ክብርታት ሕብረተሰብና ሓዩሉን ተኸሊዎን። ብጾይነት ዓንበበ፡ ፍቕሪ ብጻይ፡ ኣሃዱ፡ ውድብ፡ ሃገር... ኣጉላዕሊዑ። ዘይሓልፍ ጸገም፡ ዘይርሁ ጸበባ የለን ዝብል እምነት ሰሪጹ። ብኡ መጠን ተጻዋርነት ሓዩሉ።

## ኣብ ለውጢ ምንባር

ህይወት ገድሊ ኣብ በረኻ ብምዃኑ፡ ጸንኩር'ዩ። ዝ ጸንኩር ኩነታት'ዚ ከኣ ለውጢ ጥራይ'ዩ ዘርኣየ። ህ.ግ ኣብ ዘተምቃዊ ዘይተ፡ ኣብ ሓያል ማዕበል ናይ ለውጢ ይነብርን ይሓስብን ብምንባሩ ከኣ፡ ነቲ ዕረ ናብ መዓር፡ ነቲ ጸበባ ናብ ራህዋ፡ ነቲ ኩናትን ህውከትን ናብ ሰላምን ርግኣትን ንምቕያር ኣብ ሓያል ጸምዶ ኣትዩ። እቲ ራብዓይ ምስጢር እምበኣር ኣብ ለውጢ ምንባርን ምሕሳብን'ዩ።

ለውጢ ክመጽእ ግን ብቑዓምነት ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ምምጻእ፡ ከምኡ'ውን ንሓሳብት ብክፉት ልቢ ምቕባል የድሊ። ነቲ ከተምጽኦ ትደልዮ ለውጢ፡ ድልየትን ባህግን ክሕወሶ ኣለዎ። ሸሁ ጥራይ ከኣ'ዩ ድልየትን ባህግን ዝደረኾ ወኽጣዊ ዓቕምኻ ናብ ነገራዊ ሓይሊ ተቐይሩ፡ ክትኣብሮ ትደልዮ ለውጢ ዘምጽእ።


ለውጢ ንምምጻእን ንምድራኽን፡ ተጋዳላይ ነፍሱ ክልወጥ ስለዘለዎ፡ ኣብ ቀጻሊ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ዘመተ ምጥፋእ መሃይምነት... እዩ ተጸሚዱ። ጉድኒ-ጉድኒ'ዚ ዕረፍቲ ዘይህብ ማእቶት ኣሎ - ዕርዲ ንምድልዳል፡ መዕቆቢ ንምህናጽ፡ ንመሰብበሮ ብሓያል ኒሑን ጻዕሩን ንኽመርሖን ንኸቕይሮን ከበኡ ዳህሰሱ ኣብ ጥቕሙ የውዕሎ። ሽዑ ድማ ይፈትሖ።

ፋሕተርተሩ ዕዝበት ይፈጥረሉ። ነቲ ውሑድ ክንዲ ብዙሕ፡ ነቲ ጸበባ ከም ራህዋ ደርእዩን ይቕጽሮን። በቲ ኩሉ መዳያዊ ጻዕሩ፡ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ፡ ናይ ኣረኣእያ ለውጢ፡ ማሕበራዊ ለውጢ፡ ቁጠባዊ ለውጢ፡ ባህላዊ ለውጢ ይፈጥር። ነቲ ለውጢ ብዘውሪ ዘይተ፡ ብምህርን ኣእምሮን ይመርሖ። ናይዚ ኣብነታት ብዙሕ'ዩ። ንሓርነታዊ ኩናት ብስፍልጠት ንምምርሑ፡ ምህሮን ስልጠናን ይወሃብ ነይሩ። ሰውራ ዝጠለቦ ንምምላእ ኣደ ስራሓት ቁይሙ። ምስናዕን ምህዞን ብዘሰስ ለዋም ዘይተ፡ ብዙቕመን ዝነበረ ኣሃዱታት መጽናዕቲ ተሰሪዑ። መሳብርቦ ንምምሕያሽ ሕርሻን መፍረ እንስሳን ተኣታቲዩ። ሕጽረት መድሃኒት ንምቅላል መፍረ መድሃኒት ተተኺሉ ...።

ኣብ ቀጻሊ ምምሕያሽ ዝኣምን ኣተሓሳስባ ዝኾነ ብደሃ ኣይእግሞን'ዩ። ሸውሩ ንምፍታሕ ከኣ ካብ ምሕሳብን ምብልሓትን ዓዲ ኣይወዕልን።

## መደምደምታ

እቲ ሰዓርን ተሰዓርን ዘይብሉ ዝበሃል ዝነበረ ናይ 30 ዓመት ኩናት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዓወት ሰውራ ኤርትራ ምስ ተዛዘመ፡ “ዓርሞሸሽ” ሓይሊ ኢትዮጵያ ብኸመይ ከም ንፉስ ተብቲኑ፧ ንዝብል ሕቶ ንምምላስ ዝተፈላለዩ ወገናት ፈተነታት ገይሮም'ዮም። መደምደምታኦም፡ ብጥቕልሉ፡ ህ.ግ ጸኒዑ ዲሲፕሊን ዘለዎ ወተሃደራዊ ሓይሊ ሃኒጹ ዝብል ነበረ። እዚ ሓቂ'ኳ እንተኾነ ምሉእ መልሲ ግን ዝህብ ኣይኮነን። ብመጀመርታ፡ ህ.ግ. ፍትሓዊ ሕቶ ኣልዒሉ፡ ብሓይሊ ዝተነፍጎ ፍትሒ ንምርካብ እዩ ዝቃለስ ዝነበረ። ፍትሒ ከኣ ኣብ ልዕሊ ኢፍትሒ፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት፡ ወዲኡ ሓዲሩ ተዓዊቱ እዩ። ካልኣይ፡ ሰብኣዊ ዓቕሙን ፖለቲካውን ብርትዑ ኣብ ለውጢ ዝሓሰበን ኣብ ቀጻሊ ምምሕያሽ ዝኣምንን ኣተሓሳስባ ቀጻሊ ናይ ምምሃር ባህሊ፡ ቅሩብነት ንመስዋእትን ካልኦት ክብርታትን ዕዙዝ ግደ ከም ዝነበሮም ክዘንጋዕ ኣይግባእን።



# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት

# “ንስኺ ናጽነት ዝሃበትኒ ክብርተ ህያብ ኢኺ”

## ኣብ ቅነ ናጽነት በቑሉ ዝዕንብብ ፍቕሪ

ስምኦን ወልደሚካኤል

ሰማይ ኤርትራ ኣብ ወርሒ ግንቦት ፍሉይ ሽታን ሕብርን ኣሎዎ። እቲ ካብ ባሕሪ ተበጊሱ ኣስመራ ዝበጽሕ ንፋስ ናይ ሓርነት፡ መልእኽቲ ዘሎዎ ሽታ ተሰፋ ምስ ተሓወሶ ሕፍሰት ኣሎዎ። ኣብ ጉደና ሓርነት ዓይኒ ቋሕ፡ ልቢ ጋህ፡ እዝኒ ኰር፡ ወኒ ፋሕ እዩ ዝብል፣ ብፍላይ ኣብ ምሸት። እቲ ዝሑል ንፋስ ኣስመራ ንኣቕጽልቲ ናይቲ ኣብ ደንደስ ጽርግያ ቀይሙ ደው ዝበለ ኣግራብ ከወዛውዞ እንከሎ፡ ንኽብሪ ናጽነት ዝሰግድ ዘሎ ይመስል። ጉደናታት ኣስመራ ብሕብራዊ መብራህቲ፡ ሰማይ ኣስመራ ከኣ ብኽዋክብቲ ተሰሊሙ ደስ ዝብል ትርኢት ይፍጠር። ኣብ ህይወት ፍሉያት ኣጋጣሚታት ኣለዉ። ኣብ ቅነ ጽንብል መዓልቲ ናጽነት ኣብ ጉደና ሓርነት ጎፍ ተበሃሂሎም ተራኺቦም ዝተፋቐሩን ናብ መርዓን ሓዳርን ዝሰገሩ ክንደይ ይኾኑ ኢልኩም እስከ ሕሰቡ። “ኣብ መዓልቲ ናጽነት ኢና ተራኺብና’ሞ ኣብታ ዕለት ኢና እንምርዖ፡” ዝበሉኽ ትፈልጡዶ ትኾኑ፣ ታሪኽ ፍቕሪ ፋርስን ሃናን ሓደ ኣብነት ናይዞም ብዙሓት እዩ። ሌላኦም ዝጀመረሉ ቦታን ግዜን፡ እቲ ቃል ኪዳን ዝኣሰሩሉ ዕለትን፡ ንፍቕሮም ፍሉይ ትርጉም ሂቡዎ ይርከብ።

ቅድሚ ሒደት ዓመታት፡ ኣብ ጽንብል መዓልቲ ናጽነት፡ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ብመንእሰያት፡ ዓበይትን ህጻናትን ኣዕለቕሊቑ ንእንግዶት ጽንብል መዓልቲ ናጽነት የኽብሩ ኣብ ዝነበርሉ ግዜ ፋርስን ሃናን ብኣጋጣሚ ተላለዩ። ምናልባት’ውን በቲ ዝነበረ ጽቕጥቕጥ ምስ ተደፋፍኡ ይቕሬታ ክተሓታተቱ ኣፍ ከፊቶም ይኾኑ። ብዝኾነ፡ እቲ ናይ መጀመርታ ናይ ዓይኒ ምርእኣይን ናይ ሰላምታ ቃላትን ምስቲ ናይ ዓወት ጭርሖታትን ሃገራዊ ደርፍታትን ተሓዊሱ ናብ ልቦም ለሓኹ። እቲ ኣብ ባሕቲ መስከረም ዝተወልደ ሌላ፡ ቀስ ብቐስ ናብ ዓሚቝ ፍቕርን ምርድዳእን ተሰጋገረ። ድሕሪ ክልተ ዓመት ፍቕሮምን ምትእምማኖምን ደልዲሉ ናብ መርዓ ይበቅዕ ኣሎ። ፋርስ ቅድሚ ሰሙን፡ 24 ግንቦት 2026 ክምርዓዉ ምኳኖም ዝሕብር ናይ ዕድመ ወረቐት ምስ ሃበኒ’የ ፈሊጠ። እዞም ኣብ ዝኽሪ መዓልቲ ናጽነት ዝተላለዩ ፍቑራት ንመርዓኦም ካብ መዓልቲ ናጽነት ዝበልጽ ዕለት ከም ዘየለ ተሰማሚዖም ኣለዉ። “እዛ ዕለት ደኣ ከመይ’ያ፡” ምስ በልኩዎ፡ “መርዓና ኣብ መዓልቲ ናጽነት ክኸውን ዝመረጽናሉ ምኽንያት፡ እቲ ዝዓበየ ሓጐስና ምስቲ ዝዓበየ ሃገራዊ ሓጐስና ክተሓሓዝ ስለ ዝደለና እዩ፡” ኢሉኒ። ተመርዕየ እንደሞ - በዛ ቅንኢ ሕርር።

ከም ኣካል ናይቲ ንመርዓኦም ዝገብሩዎ ዘለዉ ምድላው፡ እቲ ናይ ስእሊ መደቦም ኣብቲ መጀመርታ ዝተላለዩላ ታሪኻዊት ሜዳ ባሕቲ መስከረም ክኸውን ተሰማሚዖም ኣለዉ። ናጽነት ማለት ነዞም ፍቑራት መንእሰያት ብፍቕሪ ምንባር፡ ስድራቤት ምምስራትን ቃልኪዳን ምጽናዕን ዝብል ሓድሽ ትርጉም ሂቦማ ይኾኑ እዮም። ነዛ ክብርቲ ዕለት ኣብ ኲሉ ኵርናዓት ዓለም ዘለዉ ኤርትራውያን ብሓበንን ብታሕጓስን ከዕብልዋ እንከለዉ እቶም ኣብዛ ዕለት ዝምርዓዉ መንእሰያት ዝሕጉስዎ ሓጐስ ብዘይካኦም ዝሕጐሶ ሰብ ኣይክህሉን እዩ። ካልኦት ኣሽሓት መንእሰያት ከኣ ኣብዛ ዕለት ሌላ ክምስርቱ፡ ፍቕሮም ከዐምሩ፡ መርዓኦም ክቌጽሩ እዮም። ኣብ ማእከል እቲ ዋዕታ ናይ ፍቑራት ሕሹኽሹኽታ ከም ተነጻፊ ሙዚቃ ክሰማዕ ከማሲ እዩ።

ኣስመራ ንኽብሪ ናጽነት ምስ ተሰለመት ንፍቕሪ ምቹእቲ እያ። ፍቕሪ ጽባቐ ይደሊ’ዩ፣ ናይ ሓጐስ ሃዋህው ከኣ’ሞ መፍቶቱ’ዩ። “ናጽነት ንዓይ፡ ንዓኺ ብሰላም ከፍቅረኪ ዘኽኣለኒ ዓቢ ህያብ እዩ፡” ኢልካ ፍቕርኻ ዝገለጽካላ ጓል፡ ንዓኻ እናጠመተት፡ “ናጽነት ንዓይ ንዓኻ ምቁር ሰብ ዘግዘመትኒ ምቅርቲ ዕለት’ያ፡” ክትብለካ እንከሎ ዝፍጠር ሓጐስ ንውሽጥኻ መሊኡ በጨቕ ምባሉ ኣይተርፎን። እቲ ጉደና በጨቕ ኢሉ ብዝፈሰሰ ፍቕሪ ጠልቅዩ ላህላህ ምስ በለ፡ ምስቲ ብርሃን ተወሃሂዱ ዝፈጥሮ ውሪግሪግ - ሓግዙኒ- ባዕልኹም ስኣሉዎ።



ኣብ ደንደስ እቲ ፍቕሪ ዝሓልፈሉ ሩባ ጉደና ሓርነት ኮፍ ኢሎም ዘስተንትኑ ከኣ ኣይስኣኑን እዮም። እቲ ጽምው ጽልምት ዝበለ ቦታ እውን ብቶም ብርሃን ዘይፈትዉን ዓይኒ ሰብ ዘይኽእሉን ኣይጽምዎን’ዩ። ኣብ ናጽነትን ፍቕርን ኣብቲ ጸልማት ካብ ጸሓይ ቀትሪ ንላዕሊ ዝሕረ ብርሃን ኣሎ። ኲሉ ይኽሰተልካ። ብዘይ ናጽነት ሃገር፡ ፍቕሪ ውሕስነት ከም ዘይብሉ ከይተረፈ ይርኣየካ። እቶም ቀዲሞም ዝሓለፉ ጀጋኑ፡ ነቲ ንሕና ሎሚ ንረኽቦ ዘለና ናይ ምፍቃርን ስድራቤት ናይ ምምስራትን ዕድል ኢሎም ህይወቶም ከም ዝኸፈሉ ይርደኣካ። ነቲ ሒዙካ ዘሎ ፍቕሪ ምስ ጉዳይ ሃገር ትኣስረሉ ገመድ ከኣ ቅርብ ይብለካ። ፍቕሪ ማለት ንሓድሕድና ብምኽብባርን ብምድግጋፍን ሓንቲ ድልድልቲ ስድራቤት ክንፈጥር ምኽኣል’ዩ ዝብል ትርጉም ከኣ ትህቦ። ኣብዚ ታሪኻዊ ወርሒ፡ ፍቑራት ብዛዕባ መጻኢኦም ክመያየጡ ከለዉ፡ ብዛዕባ ናጽነት ኣብ ዕላሎም ክድርጉሱ ግድን እዩ።

“ፍቕረይ እንታይ ደኣ ዝን ኢልካ፣”

“ብዛዕባ ናጽነትን ፍቕርናን እንድየ ዝሓስብ ዘለኹ።”

“ሓሳብካ’ባ እሞ ኣካፍለኒ፣”

“ናጽነት ኤርትራ ካብ ዝሃበትኒ ህያባት እታ ዝኸበረት ንስኺ ኢኺ። ብዘይ ናጽነት፡ ልበይ ብናጽነት ከፊተ ከፍቅረኪ፡ ጣዕሚ ህይወት ምስኺ ከስተማቕርን መጻኢና ክትልምን ዕድል ኣይምረኸብኩን። ናጽነት ማለት ንዓይ፡ ብፍቕሪ ናተይ ክገብረኪ ምኽኣለይ እዩ።”

“ልክዕ ኢኻ ፍቕረይ። ናጽነት ንልብና ካብ ፍርሕን ስግኣትን ሓራ ኣውጺኣቶ’ያ። ሎሚ ብዛዕባ ጽባሕ ክንሓስብ እንከለና፡ ብዛዕባ እታ ብሓባር እንሃንጻ ስድራቤት ኢና እንሓስብ። ፍቕርና ኣብቲ ጀጋኑ ብደሞም ዘውሓሱዎ ናጻ መሬት ስለ ዝበቈለ፡ ከም ናጽነትና ክቡርን ዘይነቓነቕን እዩ።”

“ፍቕረይ! ናጽነት ማለት ንዓይ ሃገር ምርካብ፡ ንዓኺ ምርካብ ጥራይ ኣይኮነን። ንቕድም ንርእሰይ ምርካብ እዩ። ነብሰይ ምስ ረኸብኩ’የ ንዓኺ ረኺበኪ።”

“ሓቅኻ እንዲኻ’ሞ! መግዛእቲ ንኣካልካ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንስምዒትካ እውን እዩ ዝኣስሮ። ሰብ ትሕቲ መግዛእቲ ኮይኑ ብኸመይ ልቡ ከፊቱ ክፋቐር ይኽእል፣ ፍቕሪ፡ ልዕሊ ኲሉ ናጻ መንፈስ’ዩ ዝደሊ።”

“ብሓቂ! ፍቕሪ ንባዕሉ ናጽነት እዩ። ናጽነት ፍቕሪ ትጸድቀሉ ስቡሕ ግራት እዩ። ብዘይ ናጽነት፡ ፍቕሪ ከምታ ኣብ ጸባብን ሓመድ ዘወሓዳን ጉድጓድ ዝተተኽለት ተኽሊ እያ።”

“ፍቕርና ተራ ስምዒት ዘይኮነስ፡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ፍረታት ናጽነትና እዩ።”

“ፍቕሪ ናጻ ሰብ ጥራይ እያ ትቕበል። ባርያ ከፍቅር ኣይክእልን እዩ፣ ባርያ ክእዘዝ ጥራይ እዩ ዝኽእል። ንሕና ግን ሎሚ ብናጻ ድሌትና ንተኣሳሰር ኣለና። እዚ ምትእስሳር እዚ ከኣ መቐጸልታ ናይቲ ጀጋኑ ብደሞም ዘውሓሱዎ ናጻ መሬት እዩ።”

ከምዚ እናበሉ ንናጽነት ካብ ፖለቲካዊ ትርጉም ኣውጺኦም ምስ ውልቃዊ ህይወቶም ኣተኣሳሲሮም ዝገልጹ ፍቑራት ፈኹስኩስ እናበሉ መሊሶም ስለ ዝረዝኑ ይፍተዉኻ። ናጽነት ንመንእሰያት ባይታ ፍቕሪ መድሚዳ ተፋቐሩ ትብላ ኣላ። ሰብ ክፋቐር እንከሎ ዝለዓለ ደረጃ ሰብኣዊ ናጽነቱ እዩ ዘርኢ። ናጽነት ንልቢ መንእሰያት ብናጽነት ከፊታ፡ ጽባቐ ህይወት ብሓባር ከስተማቕሩ ትገብር። ናጽነት ከምቲ ጸሓይ ንዕምበባታት ክዕንብቡ እትሕግዞም፡ ንስምዒት መንእሰይ ከኣ ከምኡ’ያ።

ፍቕሪ ከም ዝኾነ ተኽሊ ክበቍል ሓመድን ማይን የድልዮ እዩ። እቲ ሓመድ ናጻ መሬት ክኸውን እንከሎ እቲ ማይ ከኣ ሰላም እዩ። ኣብ ናጽነት ዝዓንበበ ፍቕሪ፡ ጽባቐኡ ፍሉይ እዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ዕምበባ ብጸሓይ ሓርነት ስለ ዝደምቐ ሕብሩ ንጹህ፡ ሽታኡ ከኣ ምኡዝ እዩ። እዚ ፍቕሪ’ዚ መሰረት ርግእቲ ስድራቤት፡ ርግእቲ ስድራቤት ከኣ መሰረት ርግእቲ ሃገር ይኸውን።





# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ናጽነት ፍጹም ተወልደመድህን፥ ወከል ፍጹም ተወልደመድህን ተሰፋማርያም፡ ተጸዋዒ ኣሌክሳንደር ምሕረትኣብ፥ ንጉዳይ ሞግዚት ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዝካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን16/06/2026 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባኢያ ዕ/እኽሊ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣምለሰት ተስፋይ ገብረእየሱስ፡ ኣቦይ ተስፋይ ገብረእየሱስ ኣባይ ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይን 1ተተካኢትን ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ 6ይ መጋባኢያ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ሮዳስ ስቡሓት ረድኢ፥ ኣቦይ ስቡሓት ረድኢ ገብረማርያም ስለዝተሰወአ፥ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ናህም ሓጎስ ኣድሓኖ፥ ዓቐይ ምልእተ መሓሪ ገብረመድህን ነቲ ኣብ ከተማ ከረን ከበ. 04 ዝርከብ መንበሪ ገዛ ብምስክር ወረቐት 303660 ብመወከሲ ቁጽሪ 306709 ዝተመዝገበ ብዕለት 10/2/24 ብፍርቂ ብጽሒታ ብህያብ ስለዝሃበትኒ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

ወ/ሮ ምሕረት ስብሃትልኣብ ዘርኣይ፥ ብዓል ቤተይ ካሕሳይ ቀለተ ዓንደሚካኤል ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 3 ደቅና ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ከሳሲት መትከል ኣብርሃም ሓደራ፥ ተኸሳሲ ኣለም ገብረኪዳን፥ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን18/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ከሳሲት ወ/ሮ ናጽነት ፍስሃ ባዴራ፥ ተኸሳሲ ኣቶ ሰለሙን ጺጋይ ገብረእግዚኣብሄር፥ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ከሳሲት ራሄዋ ተስፉ ዓንደማርያም፡ ተኸሳሲ ሳሚኤል ኣንገሶም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ወ/ሮ ኣብርሃጽዮን ሓጎስ ገብረመድህን፥ ብዓል ቤተይ ታደሰ ሃይለ ወልደገርግስ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቅና ድማ ንብረት ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ዞባ ማእከል ምምሕዳር ን/ዞባ ገዛ ባንዳ ኣብ ቤ/ጽ/ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ/ ካዳስተር፥ ብምስክር ምዝገባ ዋንነት ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብመለለዪ ቁ. ንብረት 1/009922 ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ ፕሎት 17 ቁ.ፓርሰል ዞንASP00000605 ፓርሰል H ቁ.ገዛ 44 መለለዪ ንብረት ASD0001756 ኣብ ቤ/ጽ/ ምም/ዞ/ማእከል ቤ/ጽ/ ፓብሊክ ኖታሪ ብቑጽሪ ውዕል 5.225 ብዕለት 25/04/16 ካብ ወ/ሮ ደመቀሽ ወልደገብርኤል ናብ ወ/ሮ ማርቶላ ደናቲ ዝተመዝገበ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ኮይኑ፥ ኣብቲ ብዕለት 30/12/2023 ዝተገብረ ውዕል መሸጣ ስለ ዝዓደግናዮ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስምና ክስመሓለልፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ደግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ወይ ፓፕሊክ ኖታሪ ይቕረብ። ዝቃወም እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጽም ምዃንና ንሕብር።

ኣቶ ኣድሓናም ደበሳይ
ወ/ሮ ወይኒ ዓንደብርሃን


OiLibya

ብምኽንያት ዝኽሪ መበል 35 ዓመት መዓልቲ ነጻነት ኤርትራ;
ምምሕዳር ሊብያ ኦይል ኤርትራን ታምኦይል ማሊንዲ ኤርትራ ናይ ብርኪ ማሕበርን
ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ
ሰላም ፡ ምዕባለን ዳይናሚካዊ ዕብየትን ክኾነሉ ሰናይ ምንዮቱ እንዳገለጸ፥
ሓጎስ፥ ኲርዓትን ናይ ነጻነት መንፈስን ዝመልኦ ሰናይ ቅንየት ነጻነት ይኹነልኩም ይብል

*ON THIS REMARKABLE 35th ANNIVERSARY OF ERITREAN INDEPENDENCE DAY*
*LIBYAOIL ERITREA & TAMOIL MALINDI ERITREA SH. CO. MANAGEMENT*
*SINCERELY WISHES:*
***PEACE, PROSPERITY & DYNAMIC DEVELOPMENT TO THE PEOPLE AND GOVERNMENT OF ERITREA.***
***&***
***A COLORFUL FESTIVE HOLIDAYS FILLED WITH PRIDE, HAPPINESS AND THE SPIRITE OF FREEDOM***

السلام والرخاء والتنمية الديناميكية لشعب وحكومة اريتريا.

عطلات احتفالية مفعمة بالألوان ومليئة بالفخر والسعادة وروح الحرية

TAMOIL

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

LEVEL 5,ROOM 503
SA BUILDING
COLONNADE MINING GROUP
ERITREA LIMITED
WASRSAY STREET
ASMARA,ERITREA
PH: + 291 1 112210

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Position RC Drillers**

**Number Required: 2**

**Type of contract Permanent**

Colonnade Mining Group (Eritrea) Limited is seeking to hire Drillers,

**Duties and responsibilities:**

- Set up/pack up drill site
- Operating, maintaining and monitoring drilling rigs and machinery for projects
- Managing crew safety
- Control drilling speed and pressure
- Managing drilling fluid
- And maintain detailed technical logs & Preparing daily reports
- General support including handling rods and tools, mixing drill fluids, basic maintenance, completing pre-start and general safety checks, refueling vehicles and equipment, housekeeping, supplies count
- Operating non-drilling auxiliary equipment such as light vehicles, generators etc
- Communication and cohesion with others in the workplace

**Qualification and experience**

This role requires an individual who is detail oriented, professional, and responsible and who can work autonomously when required

- Five years of experience in a similar role preferred
- 12th grade complete
- Good Written and spoken English skills
- And computer literacy would be a significant advantage.
- Excellent communication skills
- 3rd grade driving license will be an advantage

Salary: As per the company salary scale

**Additional requirement for nationals**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense
- Present clearance paper form current/ last employer
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials a copy of a national identity card etc).
- Application documents will not be returned.
- Deadline for application: 10 days from the day of published in the news paper

Please note applications will be received up to 10 days after the date of advertisement and only short listed candidates will be contacted.

To Eritrean Applicants: Our address is:
S.A. Building, 189 Warsay Avenue, Tiravolo,
Colonnade Mining Group (Eritrea) Limited, 5th Floor, room number 503

Note to none Eritrea Applicants:

Please send a copy of your application to

Aliens Employment Permit Affairs

P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea



### ምስጋና

ብማስዋእቲ ኣዝዩ ዘፍቅራ ክብርትን ፍትውትን ተጋ/ ኣኽበረት ተወልደመድህን ቀሊታ ዝተባህለት ብዓልቲ ቤተይ ዝተሰመዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ናብ ጎድና ዝተመላለስኩም፡ ድሕሪ ማስዋእታ ድማ ክሳብ ናብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ መጺእኩም ዘቃበርኩምናን ገዛ ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን ኣብናትን ካህናትን ኣባላት ቤተሰበን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና፡ ምስ ናይ ምስጋና ሓዘና ከምዝዩጸና ንገልጽ።

ብዓል ቤታ ተጋ/ የውሃንስ ተወልደ (ጆን) ምስ 3 ደቃና ምሉኣት ስድራቤትን።




### ምስጋና

ብምኽንያት ዕረፍቲ ኣቦናን ሓውናን ከበዶም የውሃንስ ተስፋሚካኤል፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝበጻሕኩምናን ብሞት ምስ ተፈልየ ድማ ኣብ ን/ቦ ሰረጀቓ ኣብ እምባ ደርሆ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወጻኢ ሃገር ብቴሌፎንን ናይ ሓዘና ተኻፈልቲ ዝኾንኩም ኩሉኹም ቤተሰብን ፈተውትን ኣዕሩኽትን መሓዙትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከምዝዩጸና ንገልጽ።

ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን

## ዘሐጉስ ዜና ነፍቀርቲ መጻሕፍቲ

### ካልኣይ ሕታም መጽሓፍ:
### “ድልያ ንሓርነት፡ ዝኽርታተይ ኣብ ገድሊ ኤርትራ”




ጉዕዞ ታሪኽ ሓርነታዊ ኩናት ሓቀኛ ሓበሬታ ብመገዲ ዝኽርታት ማእከል ዝገበረት፡ ኣብ ቀዳማይን ዝተመሓየሸን ሕታማት ዝቐረበ ሃናጺ ርእይቶታት ብምምርኳስ፡ መአረምታን ተወሳኺ ሓበሬታታትን ኣማሊኣ ካልኣይ ሕታም ተዘርጊሓ ኣላ።
ዓድጉዋ፡ ወንኑዋ!

ኣከፋፈልቲ፡- ኣብያተ-መጽሓፍ ኣውገት፡ ኣርት ጋለሪ፡ መረብ ስተሽነሪ፡ ኣምባሳደር ስተሽነሪ፡ ሰቲት ስተሽነርን ካልኦትን።

ደራሲ፡ ሃብተሚካኤል ወልደጊዮርጊስ
ቴሌፎን፡ 07238497



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ጽንብል ናጽነት፡ ኣብ ጉደና ሓርነት

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ጽንብል መዓልቲ ናጽነትና፡ ጉደና ሓርነት ብመብራህቲ ወቒባ ንኽትርኢያን ክትዛወረላን ባህ እተብል ጉደና ኮይና ኣላ። ኣብዚ ጉደና ተመሃሮ ብሓጐስ ንየው ነጀው ክብሉ ይርኣዩ። ንሕና ድማ ምስ ገለ ካብኣቶም ኣዕሊልና። ትሕዝቶኡ ይቕጽል፦



**ምስ ኑብስኻ ከተላልየና!**

ስመይ ቤትኣብ ረዘነ ሃይለ እዩ። ዓመተይ 5፡ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ትሕትና ተመሃራይ ካልኣይ ዓመት እየ።

**ኣብዚ ጉደና እንታይ ክትገብሩ መጺእኩም!**

ናይ ናጽነት ክንዛወር ምስ ባባን ማማን ሓብተይን መጺእና።

**24 ግንቦት እንታይ ኣሉ!**

24 ግንቦት ደኣ ናጽነት ማለት እዩ።

**ናጽነት እንታይ ማለት እዩ!**

ናጽነት ሓጐስ ማለት እዩ። ኣብ ቤት ትምህርትና ናይ ናጽነት ተሓጒስና ኣብዚ ድማ ጀላቶ በሊዕና ባንዴራ ገዚእና ሸዑ ተሓጒስና።

**ንናጽነት መን ኣምጺኡዋ!**

ጀጋኑ ተጋደልቲ ኣምጺኦማ።

**ብምኽንያት 24 ግንቦት ንመን ሰላም ትብሉ!**

ንባባ ንማማ፡ ንሓብተይ ከምኡ ድማ ንደቂ ቤት ትምህርተይ።

* * *



**ምስ ኑብስኺ ከተላልይና!**

ስመይ ሆሳእና ተኽለ ዳንኤል እዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ጃልያ ተመሃሪት ሓምሻይ ክፍሊ እየ።

**ኣብዚ ጉደና ምስ መጺእኪ!**

ምስ ባባ ከምኡ'ውን ኣሕዋተይ ገሊላ፡ ኤሊም፡ ሉልያ ብሓደ መጺእና።

**እንታይ ክትገብሩ መጺእኩም!**

ናይ ዕስራን ኣርባዕተን ግንቦት ክንዛወር።

**ኣብዚ ጉደና እንታይ ገይርኩም!**

ተዛዊርና፡ ባባ ድማ ጀላቶ ገዚኡልና ኣዝዩ ደስ ኢሉኒ ኣሎ። ዓመት ዓመት ኢና ምስ ኣሕዋተይ ናብ ከተማ ንመጽእ።

**ናጽነት እንታይ ማለት እዩ!**

ናጽነት ደኣ ቅሳነት ማለት እዩ። ኤርትራ ሃገርና ድማ 1991 ናጽነት ረኺባ።

**ናጽነት መን ኣምጺኡዎ!**

ጀጋኑ ተጋደልቲ ኣምጺኦማ። ንናጽነት ከምጽኡ ድማ ብዙሓት ተጋደልቲ ተሰዊኦምን ሰንኪሎምን እዮም።

**የቐንየልና!**

ገንዘብኩም። ኣነ ድማ የቐንየለይ!



**ምስ ኑብስኺ ከተላልይና!**

ስመይ ሪታጅ ዓብደላ ዑመር እዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ድያእ ተመሃሪት ሻብዓይ ክፍሊ እየ።

**ኣብ ጉደና ሓርነት እንታይ ትገብሩ ኣለኹም!**

ምስ ኣሕዋተይን ደቂ ሓወቦይን ብምኽንያት 24 ግንቦት ንዛወር ኣለና።

**ናጽነት እንታይ ማለት እዩ!**

ናጽነት ደኣ ኤርትራ ሃገርና ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሓራ ዝወጽኣትሉ እዩ። ናጽነት ከኣ ሰላም ማለት እዩ።

**ናጽነት መን ኣምጺኡዎ!**

ጀጋኑ ተጋደልቲ ኣቦ ሓጎታትናን ኣቦታትናን ኣምጺኦማ።

**ናጻ ኤርትራ ብኸመይ ኢና ንሕልዋ!**

ንሕና ተመሃሮ ተማሂርና ኣብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሕና ክንሃንጻን ካብ ጸላኢቲ ክንከላኸለላን ኣሎና።

**ብምኽንያት ናጽነት ንተመሃሮ እንታይ ትብልዮም!**

ንተመሃሮ ጉደናታት ኣስመራ ተሸላሊሞ ስለ ዘሎ ምስ ስድራኹም መጺእኩም ተዛወሩ፣ ናጽነት ጥዕምቲ ስለ ዝኾነት ከምዚ ናትና ኣስተማቕሩዋ እብሎም።

**የቐንየልና!**

ገንዘብኩም ኣነ ድማ የቐንየለይ!

## ጭርሖታት መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ በብዓመቱ

| | |
|---|---|
| 2019 | ጽንዓት ብጽንዓት ንልምዓት |
| 2020 | ንምክት ንስጉም |
| 2021 | ወትሩ ንኹሉ ድልዋት |
| 2022 | ንያትና ናጻ ሕርያና |
| 2023 | ቅያ ስጡም መሰርዕ |
| 2024 | ውሕስነት ሰላም ብመኸተ |
| 2025 | መሰመርና ድርዕና |
| 2026 | ጽናዓትና ዋሕስና |

4ይን መወዳእታን




ምንጪ፡ መጽሓፍ ኣብነት መዝገበ ቓላት
መም/ በሽር ዑመር (ሹም)

## ካብዞም ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት 24 ግንቦት ተሓጒሶም ዘለዉ ተመሃሮ፡ ዓሰርተ ፍልልያት ርኸቡ!





# ናጽነትና ዋሕስና!!

## ጽንዓትና ዋሕስና

ጽንኩር ኩነታት ሰጊርና

ንኹሉ ስዒርና

ዓወት ተጐናጺፍና

ትማሊ ስለ ዝሓየልና

ናትና ሃገር ኣውሒስና

ዋልታ ሓድነትና

ሕቑፎ ህዝብና

ስቕታና መሪሕነትና

ናተይ ናትካ ከይበልና ነብልጽግ ሃገርና

መም/ ዮናስ ብርሃነ

# ጦብላሕታዊ ንባብ ኣብ መጻሕፍቲ ታሪኽ ኤርትራ

ሰረበ እስቲፋኖስ

(2ይ ክፋል)

**2. ፌደረሽን ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ፡ ካብ ማቲየንሶ ክሳብ ተድላ** 1951-1955

ኣብዘ ካልኣይቲ ናይ ታሪኽ መጽሓፉ፡ ኣለምሰገድ እቶም ንእዋን ፌደረሽን ዝገልጹ ዝርከብዎ ሰነዳትን ምንጭታትን ትሕተ'ቲ ናይ 1940ታት ከም ዝኾኑ ብምብራህ ስለ ዝፍልም፡ እቲ ስራሕ ማዕረ ክንደይ ከቢድ ምንባሩ ነቢ. ክግንዘቦ ይኽእል፡፡ ከምኡ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ዝርከቡ ምንጭታት ኣብ ቀዳማይ ክፋል ፌደራላዊ ስርዓት (መንግስትነት ተድላ ባይሩ) ዝተረኽበ ምኽኑን ዝያዳ ኣብ ዘርያ ፖለቲካዊ ታሪኽ ዘመን ተድላ ባይሩ ከም ዘዘተኮረን ይገልጽ፡፡ ፖለቲካዊ ታሪኽ ግን ካብ ሕቶኔ ናይቲ እዋን ቁጠባውን ምምሕዳራውን ክዉንነት ነጺልካ ምጥማት ምሉእ ስእሊ ከም ዘይሀብ ድሕሪ ምዝኽኻር፡ እዞም ባእታታት እዚኦም'ውን ኣብዘ መጽሓፍ ከም ዘይተረስዑ የተንብህ፡፡ ኣዳላዊ ገበር ናይዛ መጽሓፍ፡ ነቲ ጸሓፊ ዝገለጾ ኣተኩሮ ብዮክቶ ስለ ዝተገንዘቡ ስእሊ. ቀዳማይ መራሒ. መንግስቲ ኤርትራ ዝነበረ ተድላ ባይሩ፡ ምስታ ሽዑ ምልክት ጥንፌራ ኤርትራ ዝነበረት ኣወሊዕ ጉሊሕ ዓቐን ሂቡዎ ደርኑ፡፡

ጸሓፊ፡ እዋን ፌደረሽን እንታይ ይመስል ከም ዝነበረ ክገልጽ ከሎ ድማ፡ "ፖለቲካ ኤርትራ፡ ኣብ ግዜ ጣልያን ብጣልያን፡ ኣብ ግዜ እንግሊዝ ድማ ብእንግሊዝ ክዕብለልን ክምራሕን ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኮሚሽነር ሕቡራት ሃገራት ኣንሰ ማቲየንሶ ኣትዩ ማስርሕ ፌደረሽን ምስ ጀመረ፡ ኣንፈቱ ክቕይር፡ ብምሉኡ እኳ እንተ ዘይኮነ፡ ገለ ክፋላቱ ኣብ ኢድ ኤርትራውያን ኣትዩ ኣብ ሓድሕዶም ከዋስኦም፡ ክኣኻኽቦም፡ ክቡታትኖም፡ ክናዝዞምን ክየርቆምን ግድን ኮይኑ" ይብል (ገጽ x)፡፡ ከምኡ ስለ ዝኾነ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ተዋሳእቲ ፖለቲካ ኤርትራ ዝነበሩ ዜጋታት መርገጺታቶም ክቕያይሩ ዝተራእዩሉ እዋን ምንባሩ ይገልጽ'ሞ፡ ነቲ ናይ ምግልባጥ ኣመለኻኽታ፡ ብዓይኒ ንሕፈት ጥራሕ ክትጥምቶ ኣሸጋሪ ከም ዝኾነውን የመልክት፡፡

ካልእ ዘልዓሎ ኣገዳሲ. ነጥቢ፡ ዝጸሓፉሉ ዘሎ ታሪኽ፡ ናብቲ ህሉው እዋን እናኸቐርብ፡ ዝያዳ ተኣቃፊ ስለ ዝኾነ፡ ጥንቁቕ ኣተሓሕዛ ከም ዘድልዮን ኣዚ. ሓቂ'ዚ. ተገዚኡ. ንምኻኑ ጻዕሪ ከም ዝተኻየደን የብርህ፡፡ እዚ'ውን ጸሓፍቲ ታሪኽ ክስተውዕሉሉ ዘለዎም ነጥቢ. እዩ፡፡

ጸሓፊ፡ ነቲ ሓብራዊ ኤርትራዊ መንነት ከሰኣእስ ዝፍትን ትረኻ፡ ኣብዛ ካልኣይቲ መጽሓፉ'ውን ይምጉቶ'ዩ፡፡ "ታሪኽ ናጽነት ህዝቢ. ኤርትራ፡ ሓደ ማስርሕ እዩ፡፡ መንቀሊኡ ሰረታቱን ናብ ናይ ቅድም-መግዛእቲ ኩነታቱን ኣመጻጽኣኡን ይዝርጋሕ፡፡ እቲ ኢጣልያ ናብ ሓደ ዝጠመሮ ህዝቢ፡ ታሪኽ ዘይብሎ እኽኩኽ ናይ ሰባት ኣይነበረን፡፡ ኣቱ ኩብርን ሕግታትን ሐዚሉ በብስርዓቱ ዝኸይድ ዝነበረ እዩ፡፡ ከም ኩሉ ቅድሚ ምዕራባዊ መግዛእቲ ዝነበረ ኣፍሪቃዊ ህዝቢ. ድማ፡ መጠኑን ዝርጋሐኡን ዝፈላለ ናይ ሓድሕድ ዝምድናን ርክባትን ነይሩዎ፡" ይብል (ገጽ xii)፡፡ ኣዚ ነጥቢ.'ዚኣ'የም ድማ እቶም ኣቐዲሞ ዝገለጽኩዎም ጸግዐ ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ፡ ኣብ ጽሑፋቶም ዘሰጋግሩዋ ወይ ድማ ከአእሱዋ ዝፍትኑ፡፡ ኤርትራውያን ጸሓፍቲ ድማ ኣዛ ክትምንጠሉና ወይ ክትሕብኣና እትድለ ሓቂ'ዚኣ እያም ኣብ ጽሑፋቶም ከጉልሑዋ ዘለዎም፡፡

ኣብዚ፡ ጸሓፊ፡ ነቲ ሕልኽልኻት ሰጊሩ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ክዕቅብ ዝኸኣለ ሓቂ፡ "ካብ ኣሽሓት ዝጨናፍሩ ጽሕጎ ዒቃ ተተኺጉ ባሕሪራትን መራኽብን ዝስሕብ ረጕድን ድልዱልን ገመድ" ዝብል መሰሉ እዩ ሂቡዎ (ገጽ xiii)፡፡ ደስ ዘብል ሓጺርን ገላጽን ኣበሃህላ፡፡ ኣብ ማስርሕ ህንጸት ሃገራዊ መንነት ዝርአ ክዉንነት ክገልጽ ከሎ ድማ፡ "ኣብ ጉዕዞ ናይዚ. ሃገራዊ ህንጸት'ዚ. ዝልሕልሕን ዝብተኽን ኣፋትልን ጭሕጎታትን ከጋንፍ ንቡር ኮይኑ፡ ሃገርን ሃገራውነትን መታን ከይበላሹ ክኣ ይጸገን ወይ ይኽእሉ፡፡ ኣብ ውሽጢ. ታሪኽ ሓደ ህዝቢ. ኣዚ. ዝመስል በብዓይነቱ ምልሕላሕን ምብታኽን ስለ ዘጋንፍ ግን፡ ነቲ ሓፈሻዊ ኣንፈቱ ይቕይሮ እዩ ማለት ኣይኮነን፡፡ ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ኣብ ሓደ ታሪኻዊ እዋን ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ዝሓተተ ኤርትራዊ ወገን ስለ ዝተቐልቀለ፡ ወይ ወገን ዝፈለየ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ስለ ዝተራእየ፡ ሕብረት ሰብ ኤርትራን ታሪኹን በቲ ተርእዮታት እቲ ጥራይ ክግለጽ፡ ወይ ጉዳይ ናቱ ኮይኑ ክኑበር ማለት ኣይኮነን" ይብል (ገጽ xiii)፡፡ ክንደይ ይምቅር! እቲ ቱቦ ሓብራዊ ሃገራዊ መንነት፡ በቲ ላሕኩ ረኸቡ ጨፈፍ እናበለ ዝተንጠባጠበ ትሕዝዩኡ ክይተሰናበደን ምስኡ ክይተጸባጸበ፡ ነቲ ህጡር ትሕዝዩኡ ኣብቲ ዝዋገኣ መዕረፊ ኣዕሪፎዎ'ዩ፡፡ ረገኣሉ፡ 35'ኳ ደፊኑ፡፡

ቀጺሉ ጸሓፊ፡ ኣብ ታሪኽ ሓደ ህዝቢ. ዘጋንፍ ጉድለት ንመጻኢ. ወለዶ መስበሚ. ስለ ዝኾነውን ክሕባእ ወይ ክውገን ከም ዘይግባእ የዘኻኽር፡፡ ከምኡ እንተተገይሩ ግና ኣብ ታሪኽ'ቲ ህዝቢ. ሃንፍ ስለ ዝፈጥር ብስሩ ግጉኣትን ተጻብኦትን መእተዊ. ረኺቦም ነቲ ታሪኽ ዕላማታቶም ብዘሳስየሉም መንገዲ. ክጥቀሙሉ ዕድል ይረኽቡ፡፡ እዚ. ናይ ኣለምሰገድ ጠመተ'ዚ. ነቲ ኣብ ባህልና 'ሓብእ ቀብሉ፡ ሓብእ ፈወሱ' ዝብል ማሕለፍያ ምስላ የዘኻኽረና፡፡


ብኻልእ መዳይ ግን ታሪኻዊ ጉድለት ምሕባእ፡ ንሓደ ህዝቢ. ኣብ ጸላም ንኽነብር ከም ዕላማ ተወሲዱ ክሰርሓሉ ከም ዝኽእል ድማ ምዝኽኻር ዘድሊ. ኮይኑ ይስመዓኒ፡፡ ሓያሎ ኢትዮጵያውያን ፖለቲከኛታትን ጸሓፍትን፡ ህዝቦም፡ ኣብ ታሪኹ ብዙሕ ዝተጐብረ ጉድለት ወይ ጉድ ከይፈልጥ ኮነ ኢሎም ክሓብኡሉ ተራእዮም እዮም፡፡ ሓደ ካብኡ ንታሪኽ ኤርትራን ህዝባን ዝምልከት እዩ፡፡ ኣብ ውሽጢ.'ዚ. ታሪኽ'ዚ፡ ሓደ ካብቶም ካብ ህዝቢ. ኢትዮጵያ ንሓዋሩ ተኸዊሉም ክኑበሩ ዝደለዩ ዝነበሩን ዘለዉን ሓቅታት፡ ኣብ ልዕሊ.'ቲ ካብ መብዛሕትኡ ኢትዮጵያዊ ዝበረሉ ክቡ. ምሕደግ ኣሉ ዝርከብ ዝነበረ ህዝቢ. (ንኣብነት ኤርትራ) ብመራሕትን ፖለቲከኛታትን ኢትዮጵያ ዝወርድ ዝነበረ ግፍዒ እዩ፡፡ ኣብዚ. ጉዳይ'ዚ. ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ ነቲ ዝወርድ ዝነበረ ግፍዒ ከም ዘይነበረ ንኽምስሉዎ ምስ መራሕቲ ኢትዮጵያ ኣድ ንኣድ ተተሓሒዞም ብዙሕ ጽዒሮም'የም፡፡ ሓደ ካብዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ጸሓፍቲ፡ ዘውዴ ረታ ይርከቡዎም፡፡ ዘውዴ ረታ ኣብ መጽሓፎም (በቀዳማዊ ኃይሌ ሥላሴ ዘመነ መንግሥት የኤርትራ ጉዳይ 1941-1963 (እንደ አውሮፓውያን ዘመን አቆጣጠር) ሕታም 2006)፡ ነቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ. ህዝቢ. ኤርትራ ዝፈጸሙዎ ግፍዒ፡ ዓይናም ብጨው ሓጺቦም ክኽሕዱዎን ነቲ ሓቂ ካብ ህዝቢ. ኢትዮጵያ ክሓብኡዎን እዮም ጽዒሮም፡፡ ከምዚ. ዝስዕብ ድማ ይብሉ፡-

"ኣብ እዋን ፌደረሽን ኮነ ኣብቲ ፍጻም ናይ ሕብረት ዘመን ሓቢርና ኣብ ዝነበርናለን ኣርባዕ ዓመታት፡ ንሕና ኢትዮጵያውያን ኣብ ልዕሊ. ኣሕዋትና ኤርትራውያን ዝኾነ ይኹን በደል ከም ዘይፈጸምና ክርስዑ የብሎምን . . . ኣሕዋትና ኤርትራውያን ንሓምሳ ዓመታት ግዙኣት ኢጣልያ ኮይኖም ድሕሪ ምጽናሖም፡ ንዓሰርተ ዓመት ኣብ ትሕቲ ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ኣብ ዝተታሕዙሉ ዘመን፡ ኢትዮጵያውያንዶ ንምርግጋጽ 'ኢትዮጵያ ወይ ሞት' ብምባል ነቲ ኩሉ መከራን ፈተናን ንምንታይ ከም ዝተቐበሉ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ኣደና ኢኺ. ኢሎም ምስ ኢትዮጵያ ምስ ሓበሩ፡ እንታይ ጉዳሉዎም ምንጸል ከም ዝመረጹ፡ እንታይ ስለ ዝተበደሉ ንወላዲት ኢትዮጵያ ከም ዝጸልኡ፡ ታሪኽ ዝፈቕርዎሉም ሕቶ ብወግዒ ክምልሱ ዝግብኦም ንሶም እዮም፡፡" (ገጽ 11)

እዚ. ከምዚ. ዝበለ ክሕደት፡ ንህዝቢ. ኢትዮጵያ ኣብ ግብ ዝበለ ጸልማት ናይ ታሪኽ ንኽነብርን ንኩሉ'ቲ ፖለቲከኛታቱን መራሕቱን ዝብልዎ ትረኻ ከም ዘሎ ንኽቕበሎን ብምሕላን'ዩ ተገይሩን ዝኾነ ዘሎ፡፡ ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ቀጻሪ ውሑድ ዘይኮነ ክፋል ናይ'ቲ ህዝቢ. ብዛዕባ ታሪኽ ኤርትራ ዘሎዎ ግንዛበ፡ ፈጺሙ ካብቲ ሓቂ ዝረሓቐ ኮይኑ ስለ ዝርከብ፡ ክሳዕ ሎሚ ደድሕሪኦም ዘበዝበ ክብል ደርኑ፡፡ መሬት ክብሉዎ 'መሬት'፡ ባሕሪ ክብሉዎ 'ባሕሪ'፡ እናበለ ዝደግም ኢትዮጵያዊ ወለዶ ውሑድ ዘይኮነሉ ምኽንያት፡ እዞም ፖለቲከኛታቱን ጸሓፍቱን፡ ሓቂ ሓቢኦም ኣብ ጸላም ንኽነብሩዎ ዘዳሎዎ ዘመተ ስለ ዝነበሩሉ እዩ፡፡ ስለዚ. ዕዮ ገዛና ብዙሕ ምኻኑ ምዝካር የድልየና፡፡

ኣለምሰገድ ኣስዒቡ "እዋን ፌደረሽን ብዓይኒ እቶም ተዋሳእቲ ዝነበሩ ሃገራውያን ብኸመይ ደረኖ" ንዝብል ሕቶ ንምምላስ ኣብ ዝገበሮ ፈተነ፡ እቶም ተዋሳእቲ፡ በብፍቶም ምኽንያት ተመኩሮታቶም ከፍሉ ስለ ዘይመረጹ፡ ነቲ ሃብታም ፍጻመታት ታሪኽ ከየዘንተውዎ ከም ዝተረፉ ንዝቡብዩ ይሕብር፡፡ "ታሪኽ ተኣፋፊ መዓያት እኳ እንተ ሃለዎ፡ ብዙይ ፍረን ብዙይ ሞያን ኣብ ኣእምሮ ሰባት ተዓጽዩ ክቕበር እንክሎ ምርኣይ ዘሕዝን'ዩ" ድማ ይብል (ገጽ xiv)፡፡ ብሓቂ ዘጉሂ'ምበር፡፡ እቲ ከቢድ ተመኩሮ ምምጣሙ ከይኣኽሉ፡ ከይተጸወየሉ ንዋያ ክተርፍ ንረቡሓ መን'ሞ ክኸውን፧ እቲ ካልእ ዘተሓሳስብ ጉዳይ ድማ፡ እቲ ብኸንደይ ሃልኪ. ዝተረኽበ ቁንጮልጫል ታሪኻዊ ፍጻመታት፡ በዘን በትን ሰብኡት ሰብሱ ንንቡብ ድሉው ኮይኑ ምስ ተኻወ፡ ድሕሪ ንባብ ዝኣርም፡ ዝቅፍ፡ ዘጉድል፡ ዝምልእ ወዘተ ነቢ. ክሰኣን ከሎ'ዩ፡፡ ኣዚ'ውን ጸሓፊ ኣብ መጽሓፉ ኣጉሊሑን ደጋጊሙን ዝበሎ'ዩ፡፡

ይቕጽል . . .




## ጽንዓትና ዋሕስና

ተጸሚምናዮ ኑቲ ጽንኩር
ጥሜት ጽምኢ. ጼርናዮ ኑቲ መሪር
ኣዛ ሪምና ሰጊርና ዘይሰገር
ኣውሐስናያ ዘይትድፈር ሃገር

ሰናጭሮ ኮይኑ መንብሮና
ጸድፊ ገደል ጎላጉልና
ሓርየት ማይ ባድ ሱቲና መርወይና
ንዕርቃንና ሊጋጊብና

ናብራ ገድሊ. ኣብ ጫካ ኣብ በዓቲ
ቀትሪ ወላ ለይቲ ከም ኣራዊት ዛርቲ
መድመይቲ መስዋእቲ
ዘይብሉ ዕረፍቲ

ኩምራ ሓመድ ክንዲ ፍርናሽ
እምኒ ዓረ ከም መተርኣስ
ኣንኳይ ድቃስ የለን ትኻስ
ምስተፈጥሮ ቢልና ኣላሽ

ርዒምናዮ ንዘይንብር
ክንጭልጦ ኣዚ. ምቁር
ተጊርና ኑቲ ዘይትገር
መዐቀኒ ኣልቦ ቀመር
ሰሪሕና ተኣምር

ሕሱም እዋን ደቢነገረ
ሰናይ እናተባህለ ኑቲ ዕረ
ዘኢትነገር እናተባህለ
ክንደይ ሕሰም ዘይተሰግረ
ጽንዓት ዝሓዘለ

ስንክሳርዩ እቲ ሓደ ካብቲ ሓደ
ዝበኣሰ ዝገደደ
ክንልሰና ዝተቐደ
ከምዕሮ ኑቲ ባደ

ደምና ዛርዩ ንዘመናት
መሪር ቃልሲ. ወሎዶታት
ምእንታኣ ኣዛ መሬት
ተኸፊሉ ክቡር ሂወት

እናሃለ ሕጂ ደሪዕዎ ናጽነት
ንልኡላውነት ጽንዓቱ ጌሩ ውሕስነት
ከይተመልከ መሊኹ ንጽዕነት
ከይሰገደ ጨቢጥዎ ኣዚ. ምሉእ ሓርነት

እድሪስ ሰዒድ - ማ/መሰልጠኒ ሓ/ባሕሪ ደንጎሎ

### መእረምታ

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ. ጽሑፍ'ዚ፡ "ኣሕተምቲ ሕድሪ ንድሕሪት ምልስ ኢሉ'ውን ኑቶም ብህይወት ዘየለዉ ኣብ ስነ ጽሑፍ ኤርትራ ዕዙዝ ኣበርክቶ ዝገበሩ ዜጋታት (ንኣብነት ሓርበኛ ኣቦና ኣቦይ ወልደኣብ ወልደማርያም) ዘኪሩ፡ ኣፍልጦ እንተዝህቦም" ዝብል ሓሳብ ኣቕሪበ ነይረ፡፡ እንተኾነ "መምህር መሳ ኣሮን፡ መምህር ኣስረስ ተሰማ ወዘተ." ኢለ ዘቕረብኩዎ ኣስማት፡ ብቴክኒካዊ ምኽንያት ስለዝተቖርጹ ክወስኾ እዘኻኽር፡፡

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## 24 ግንቦት፡ መዓልቲ ድርብ ሓርነት

*“ሓደ ካብ ፍሉይነት ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ደቂ ኣንስትዮ ብብዝሒ ዘሳተፈ ብምንባሩ እዩ። እዚ ተሳትፎ'ዚ ነዊሕን ዝተሓላለኸን ማሕረሕ ሰጊሩ ዝመጸን ብሓያል ፖለቲካዊ ስራሕ ህዝባዊ ግንባር ዝተፈጥረን'ዩ። … ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝነበረ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ንመልክዕ ዘይነኡ ብትሕዝቶ ኑቲ ቃልሲ ምሉእ ዝነበረ እዩ ነይሩ።”*

እዚ ቃል'ዚ፡ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሕዳር 2004፡ ብምኽንያት መበል 25 ዓመት ምምስራት ሃማደኤ ዘስመዖ እዩ ነይሩ። እወ፣ እቲ ብዙሕ ዘይተጸወየሉን ዘይተጻሕፈሉን ሓርነታዊ ቃልሲ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ታሪኽ ገድልታት ደቂ ኣንስትዮ ዓለም ፍሉይ ተመኩሮ ጉዳፉ ዝሓለፈ መስተንክር ቃልሲ እዩ። ኣብ ሕብረተሰብና፡ እታ ክንዲ ርብዒ ወዲ ተባዕታይ'ውን ዘይትርአ ዝነበረት ጓል ኣንስተይቲ፡ ብረት ብምልዓል ጉልበ ቀንጢጣ፡ ጸጉራ ቀሪጻ፡ ቀሚሻ ብምድርባይ ሓጺር ስሪ ምስ ካምቻ ወድያ ምስ ጸላኢኣ ክትጠማጠም ምርኣይ ሕልሚ'ኳ ይመስል እንተ ዝነበረ፡ ንሳ ግን ኣብ ዓውደ ውግኣት ንጸላኢታ ኣላሽ ብምባል ጅግንነታ ኣመስኪራ እያ። ጅግንነታ ግን ኣብ ዓውደ ውግኣት ጥራሕ ዘይኮነ፡ እንተላይ ኣብቲ ካልእ መትኒታት ሰውራ ዝነበረ ዓውዲታት ስራሕ'ውን ብዝበለጸ ኣንጸባሪቓቶ እያ። መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ “ብዘይ ተሳትፎ ናይ'ዘን ፍርቂ ኣካል ሕብረተሰብና ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ፡ ሰውራ ኩዑ ክዕወት ኣይክእልን እዩ” ኣብ ዝብል ጽኑዕ እምነት ተበጊሱ፡ ጓል ኣንስተይቲ ንኽትቃለስ ዘኽእላ ምቹእ ባይታ ስለ ዘንጸፈላ፡ ኣብቲ ንደቂ ተባዕትዮ ጥራሕ ዝተሓዝአ ዝመስል ዝነበረ ካልእ ዕዮታት ወይ ሞያታት ብቕዓታ ብግብሪ ከተመስክር ክኢላ'ያ።

ሓርነታዊ ቃልሲ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ግን ኣንጻር መግዛእቲ ጥራሕ ኣይነበረን። እንታይ ደኣ፡ እንተላይ ኣንጻር ኩሎም እቶም ምልክት ወጽዓኣን ባርነታን ዝኾኑ ድሑራት ልምድታትን እምነታትን ሕብረተሰብ እዩ ዝነበረ። ምኽንያቱ፡ ዘይጽወር ኣደራዕ ናይ መግዛእቲ ምጻረን ጥራሕ ከይኣኽለን፡ ኣብ ማሕበረ-ቁጠባዊን ባህላዊን ኣቃውማ ሕብረተሰብና ሱር ዝሰደደ፡ ደቂ ኣንስትዮ ብምኳነን ጥራሕ ብፍሉይ ኣብ ልዕሊኣን ዝወርድ ከቢድ ጾታዊ ኣድልዎታት እውን ስለ ዝነበረ፡ እዚ ድርብ ወጽዓታት'ዚ ሱር በተኻዊ ብዘኾነ ናይ ቃልሲ መንገዲ ኣብለን ንምቕንጣጥ እየን ናብ በረኻታት ኤርትራ ዝወፈራ።

ከም ዝፍለጥ፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ከም መብዝሕትኦም ሕብረተሰባት ዓለም፡ በቲ ንጓል ኣንስተይቲ ክብሪ ዘይህብ መስፍናዊ ወይ ድማ ኣባታዊ ስርዓት፡ ኣባታዊ ልምድን ባህልን እዩ ዝምራሕ ነይሩ። መስፍንነት ከኣ ብኣባታዊ ኣተሓሳስባን ልዕልና ደቂ ተባዕትዮን ዝተሃንጸ፡ ንምልክን ጎይቶትነትን ደቂ ተባዕትዮ ዘረጋግጽ ብምዃኑ፡ ንጓል ኣንስተይቲ ኣብ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ምምሕዳራዊ፡ ቁጠባዊን ባህላዊን ንጥፈት የጊንያ ወይ የግልላ እዩ ነይሩ። ብኡ መሰረት ከኣ፡ ዝወሃበን ወይ ዝትካበለን ዝነበረ መሰላት ኣገዩ ድሩት እዩ ነይሩ። ዳርጋ ኣብ ኩለን ብሄራትና፡ ኩሉ ናይ ናብራ ሓላፍነት፡ ግዴታ፡ ቀዳምነት፡ ወዘተ. ብሕጊ ኑቲ ሰብኣይ እዩ ዝወሃብ። ንብረት ዝውንን፡ ንኹሎም ኣባላት ስድራቤት ወኪሉ ዝውስን፡ ነታ ስድራ ዘዋፍር፡ ንዕዮን እቶትን ኣባላታ ዝቆጻጸር፡ ወዘተ. እቲ ኣቦ እዩ። ጓል ኣንስተይቲ፡ ተወሊዳ ክሳብ ትመውት ልዑል ኣድሉዎን ከቢድ ጸቕጥን ዝመልአ ህይወት እያ ተሕልፍ። ጓል ኣንስተይቲ ገና ካብ ማህጸን ኣደኣ ክትወጽእ እንከላ'ዩ ኣድልዎ ናይ ሕብረተሰብ ዝገጥማ። ከምቲ ወዲ ክውለድ እንከሎ ዝወሃቦ ክብሪ ንጓል ግን ኣይወሃባን እዩ። ኣብ ኣተዓባብያ'ውን ንወዲ ዝወሃበሉ ሓለፋ ንጓል ይንፈጋ። ኩሉ'ቲ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝወሃበ ፍሉይ ኣተሓሕዛን ዝወሃብ ምዕዶን ምኽርን ከኣ፡ ንኣንስታዊ ድኽመተን ከም ቅቡል ክወስድኦ ዝድርኽ ኮይኑ፡ ንባህላውን ማሕበራውን ጸቕጢ ርዒመን ከም ዝኸዳ ዝገብር እዩ።

ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ቅድሚ ብቓልሲ ኣብለን ናብ ኣግእዞን ማዕርነትን ክግስግሳ ምጅማረን፡ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ገና ትሕቲ ዕድመ እንከላ ክትምርዖ ትግደድ ነይራ። መርዓ ክሕሰበላ እንከሎ፡ ድሌታ ወይ ርእይቶኣ ኣይትሕተትን። ርእይቶኣን ሓሳባታን ከይተቐርበ፡ ዕድላ ኣቐዲሙ ብኣቦን ኣደን ወይ ብኣሕዋታ ይውሰን። ኣብ ገሊኡ ክፋል ሕብረተሰብና ከኣ'ሞ ሕልፍ ዝበለ'ዩ፡ እቲ ዝምርዓዋ ወዲ ተባዕታይ ካብ ሰድራኣ ገዘሚ ተቐቢሉ እዩ ዝወስዳ። እንዳ ወዲ ገዘሚ ዘይከፍሉ ዝተጻበዩዎ ክውሕዶም እንከሎ ከኣ፡ ንመርዓት ብዘይወዓልዎ ነገር ኣሳቢቦም፡ ሽልማታ ቀንጢጦም ናብ ስድራኣ ዝብርሩሉ ተርእዮታት ነይሩ እዩ። ኣብ መብዝሕትአን ብሄራት ኤርትራ፡ ጓል ኣብ ግዜ መርዓኣ ንድንግልናኣ ልዑል ትኹረት እዩ ዝወሃቦ። ስለ ዝኾነ ወለዲ ኪጋጥሞም ካብ ዝኽእል ውርደትን ሕንከትን ንምድሓን ክብሎ፡ ድንግልና ጓሎም ዝዕቅቡሉ መንገዲታት ይኽተሉ። ገለ ካብኦም፡ መታን ጾታዊ ስምዒታ ክመውት፡ ብህጻና እንከላ ከም እትኽንሸብ ይገብሩ። ካብዚ ሓሊፎም'ውን ብጥቡቕ ምቁጽጻርን ማህረምትን ጾታዊ ስምዒታ ከም እትጸቅጥ ይገብሩ። ኣብ ገለ ብሄራትና ከኣ ብዘሶካሕክሕ ኣገባብ ብልዕተን ክሰፈያ ይግደዳ። እምብኣርከስ ኣብ ግዜ መርዓ ህላወ ድንግልና ከም ቅድመ ኩነት እዩ ዝርአ። ብድንግልና ዘይጸንሐት ጓል ከኣ ብኸንደይ ሓሳርን መከራን ብኸንደይ ጸርፍን ማህረምትን እናተዋረደት ናብ ሰድራኣ ትምለስ። እቲ ናይ ሕሰረት ወጮ ኣጎልቢቡ ዝመልሳ ወዲ ከኣ ኣምሳያኡ ሽዑ ንሽዑ ካልእ ጓል ካብ ሩባ ወይ ካብ በረኻ ዓዲ ዘሪፉ ክምርዖ ይፍቀደሉ። “ሓሲማ ጸኒሓ” ተባሂላ ወጮ ተጐልቢባ ናብ ሰድራቤታ ዝተመልሰት መርዓት፡ ወለዳ ከቢድ ውርደትን ሕፍረትን ስለ ዝሰምዖም፡ ንሶም'ውን ብማህረምትን ጸርፍን እዮም ዝቕበሉዋ። እዚ ከይኣኽላ፡ ብኸቢበኣ እውን ዘይጽወር ተጽሎ ይገጥማ።

ደቂ ኣንስትዮ ናብ ሓዳር ምስ ኣተዋ'ውን ብዘይካ ኣብ ሰድራቤታዊ ማእቶት፡ ደገ ወጺአን ኣብ ካልእ ስራሕ ክዋፈራ ስለ ዘይፍቀደለን፡ ኑብሰን ክኢለን ክነብራ ኣይክእላን። ከም ሳዕቤኑ ከኣ፡ ብቑጠባን ብኻልእ መዳያትን ጽግዕተኛን ግዙኣትን ናይ ሰብኡት ይኾና። እቲ ዝኸፍአ ድማ፡ ሓንሳብ ናብ ሓዳር ምስ ኣተዋ፡ ናይ ፍትሕ መሰል ኣይነበረንን። ስለዚ፡ እናተዋረዳ ኣብ ትሕቲ ኣርዐት ተባዕታይ ተቐሪበን ክነብራ ይግደዳ ማለት'ዩ። ሰብኣይ ግን ኣብ ዝደለዮ ግዜ ንሰበይቱ ክፈትሓ እቲ ሕብረተሰብ ይድግፎ። ሰበይቲ ብድሌታ ፍትሕ እንተ ሓቲታ ግን “ቤት ገደፍ - ዐፍ ነደፍ” ተባሂላ ካብቲ ብሓባር ዘጥረዩዎ ሃብቲ ከይተመቐለት ጥራሕ ኢዳ ትሰናበት። መሬትን ናውቲ ማእቶትን ስለ ዘይትውንን ከኣ ርእሳ ክኢላ ክትነብር ኣይትኽእልን። ዕድለኛ እንተ ኾይና፡ ምስ ሰብይቱ ዝሞተቶ ወይ ዝፈትሓ ሕሰም ሰብኣይ ዳግማይ ሓዳር ትገብር፣ ዕድለኛ እንተ ዘይኮይና ድማ፡ ህይወታ ብኸርተትን ውርደትን ተሕልፎ።

ከምዚ ዝዓይነቱ ኣባታዊ ስርዓት፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ናይ ትምክሕትን ልዕልናን ስምዒት ክፈጥር፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ናይ ትሑትነትን ተማእዛዝነትን ኣመለኻኽታ ክሕድር ግድን እዩ። ጓል ኣንስተይቲ ውሑለ ናይ ውሻጠ ኣገልጋሊት ወዲ ተባዕታይ፡ ናባዪት ቆልዑ፡ ንምልኪ ሰብኣይ ተማእዚዛ እትነብር፡ ወዘተ. ንኽትከውን እቲ ሕብረተሰብ ካብ ብንእሽቶኣ ይምልምላ። ካብ ገዛ ወጺኣ ክትመሃር፡ ክትሰርሕ፡ ክትፈልጥ፡ ኑብሳ ክትክእል ፈጺሙ ኣይፍቀደላን። “ንጓል ደኣ መርዓ'ምበር፡ ትምህርቲ ደኣ እንታይ ክዓብሰላ!” እናተባህለ፡ ኣብቲ ዝርካቡ ውሑድ ዕድላት ትምህርቲ ርሑይ ኣድልዎ ይግበረላ። ኣብ ትሕቲ ሰድራቤታ ብኸምዚ ዓይነት ኣድልዎ ሓሊፋ፡ ኣብ ሓዳር ምስ ኣተወት ከኣ ኩሉ ነገር ብሰብኣያ ይውሰን።





እምብኣርከስ፡ እዛ ብዘይ ኣበሳኣ ኣብ ኩሉ ኣደራዕ ውርደትን ሓሳረ መከራን ዝተፈርደት ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ፡ ኣካል ናይ'ቲ ን30 ዓመታት ዝቐጸለ መሪር ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብምዃን፡ ዳርጋ ንኹሉ'ዚ ዝተጠቕሰ ኣድልዎታትን ወጽዓታትን ሰዒራ ናብ ናይ ታሪኽ ጉሓፍ ደርቢያቶ እያ። ስለ ዝኾነ 24 ግንቦት፡ ንዓኣ ኩሉ ግዜ መዓልቲ ድርብ ሓርነት እዩ። እወ፣ መዓልቲ ሓርነት ካብ ባርነት መግዛእትን ጭቆና ሕብረተሰብን!

## ፕሮግራም ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ 1977 ዘውጽኦ፡ ኣብቲ ናይ 1987 ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤኡ ድማ ደጊሙ ዘጽደቖ ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ፕሮግራሙ፡ ንመሰልን ማዕርነትን ደቂ ኣንስትዮ ኣመልኪቱ ነዚ ዝስዕብ ትሸዓተ ነጥብታት ኣቐሚጡ ንረኽቦ-

- ደቂ ኣንስትዮ ኣብቲ ኣንጻር ባዕዳዊ ወራርን ማሕበራዊ ምቅይያር ንምምጻእ ዝግበር ቃልስን ዝሳተፋሉ ማሕበር ምምዕባል፣

- ኣብ ዘቤታዊ ስራሕ ከይተወሰና፡ ፖለቲካውን ባህላውን ኣደ ጥበባውን ደረጃኦን ንኸማዕብላ ስራሕ መደብ ምውጻእ፣

- ኣብ ፖለቲካን ቁጠባን ባህልን ማሕበራዊ ህይወት ምስ ደቂ ተባዕትዮ ምሉእ ናይ ማዕርነት መሰል ምሃብ፣ ንተመሳሳሊ ስራሕ ከኣ ማዕረ ደሞዝ ምኽፋል፣

- መሰል ደቂ ኣንስትዮ ዝሕሉ ናይ መርዓን ቤተሰብ ምምሕዳርን ሕጊ ምሕጋግ፣

- ነፍሰ ጾር ሰራሕተኛታት ደቂ ኣንስትዮ ምሉእ ደሞዝ እናረኸባ ናይ ክልተ ወርሒ ናይ ሕርሰን ጥንስን ዕረፍቲ ናይ ምርካብ መሰለን ምሕላው፣

- ናይ ኣደታትን ህጻናትን መሰል ሓሊኻ፡ ናይ ቤት ሓራሳትን መዕበያ ቈልዑን ናይ ህጻናት ትምህርትን ኣገልግሎት ምምዕባል፣

- ምንዝርና ንምጥፋእ ምቅላስ፣

- ንጥዕናአን ጉዳኢ ኣብ ዝኾነ ስራሕ ንኸይሰርሓ መሰለን ምሕላው፣

- መራሕትን ናይ ህዝቢ ኣገልገልትን ደቂ ኣንስትዮ ዝጠዙሓሉን ዝድንፍዓሉን መደባት ምውጻእ፣


**መወከሲ- መጽሓፍ ‘ገድሊ ደቂ ኣንስትዮ’**


**ከድጃ ኢብራሂም**

# ጽንዓትና ዋሕስና!















ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

ስእሊ-ሳልሕ ዓብደልቓድር
ሚ ሃብቲ ባሕሪ
ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ደንደን | 23/5/26 | ጎደና -117-15 ቁ.11፡ ጥቓ ሸል ዑቕባ ሃደለ | 121140 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services